ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.240 ረቡዕ 7 ሰነ 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
ቅልውላው ማእከላይ ዕድመ



ገጽ 3
“ባንዴራ ኤርትራ ዝሓተምናሉ መዓልቲ. . .”



ገጽ 4
ድሕነትናነውሕስ!



ገጽ 5
ንድሪ ህይወት



ገጽ 7
ኣስመራ ማራቶን ክካየድ እዩ



# ሃገራዊ መርመራ ካብ 7-9 ሰነ ክወሃብ እዩ



ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023፡ ካብ ሎሚ ረቡዕ 7 ሰነ ክሳብ ዓርቢ 9 ሰነ ኣብ መላእ ሃገር፡ ከምኡ'ውን ኣብ ጅዳን ሪያድን - ስዑዲ-ዓረብን ከሰላ - ሱዳንን ኣብ ዝርከባ ኣህጉራውያን ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ 456 መፈተኒ ኼቕጣታት ክወሃብ እዩ።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ሓላፊ ኣሃዱ ሃገራዊ መርመራ መምህር ሃብተ ኣሰፍሃ፡ ሎሚ ዓመት ብጠቕላላ - ልዕሊ 67 ሽሕ ተመሃሮ ክስተፉ ምኳኖም ገሊጹ።

ቀጽሪ ተሳተፍቲ ብዞባ ክርአ እንከሎ፡ 8782 ኣብ ዞባ ዓንሰባ፣ 23,396 ዞባ ደቡብ፣ 12,337 ዞባ ጋሽ-ባርካ፣ 16,509 ዞባ ማእከል፣ 5,109 ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፣ 952 ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከምኡ ድማ 226 ኣብ ጅዳን ርያድን፣ 43 ከኣ ኣብ ከሰላ ዝፍተኑ እዮም።

ኣብ'ዚ ብዓይነታት ትምህርቲ ቁጽሪ ቛንቋ እንግሊዝ፡ ማሕበራዊ ትምህርቲ፡ ስነ-ፍልጠትን ዜግነታዊ ትምህርትን ዝወሃብ ሃገራዊ መርመራ፡ 31 ናይ ሕጊ ተኣረምቲ እውን ከምዝሳተፉ ተፈሊጡ።

ቀጽሪ ተፈተንቲ ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ፡ ብ22 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘለዎ ዝጠቐሰ መምህር ሃብተ፡ ፈተና ኣብ ኩለን ኼቕጣታት ኣብ ሓደ ሰዓት ከምዝወሃብ ሓቢሩ።

# ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ዝናብ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ - ንኡሳን ዞባታት ባጽዕ፡ ሽዕብ፡ ጊንዳዕን ዳህላክን ብ29 ግንቦት ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ዝዘረመ ህቡብ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ኣውሪዱ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሽዕብ ምምሕዳር ከባቢ ገድገድ፡ ዓድል ዐስማን ዝተባህለ ወዲ ክልተ ዓመት ህጻን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ሐጹት ድማ፡ ጓል 12 ዓመት ቁልዓ በቲ ሓደጋ ህይወቶም ስኢኖም።

ኣብ ሓመሸተ ምምሕዳራት ከባቢ ንኡስ ዞባ ባጽዕ እውን፡ በቲ ኣብ ሰከንድ 45 ሜትሮ ዝሕንበበ ዝነበረ ህቡባዊ ንፋስ ዝተሓወሶ ዝናብ፡ ኣስታት 900 ኣባይቲ ብኸፊልን ምሉእ-ብምሉእን ክዓኑ እንከሎ፡ ኣብ ዓንዲታትን መስመራት ኤሌክትሪክን ቴሌፎንን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣግራብ፡ ክልተ ኣብያተ-ትምህርትን ትካላት መንግስትን ከቢድ ዕንወት ወሪዱ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ሆቴል ሰንትራል ባጽዕ፡ ኣርባዕተ ክፍልታት ምስ ንብረቱ ብምዕናውን ዚንጊታቱ ብምቕንጣጥን ናይ ኣስታት ፍርቂ ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት በጺሑ።

ኣብ ሽባሕ - ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ኣብ 45 ኣባይትን 70 በቝላውያን ኣግራብን ዕንወት ክወርድ እንከሎ፡ ኣብ ወቐሮ 30 ኣባይቲ ፈሪሱ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዳህላክ፡ 25 ኣባይቲ ፈሪሱ፡ 2 ጃላቡ ዓሳ 38 ጠሊበሰ ሞይተን።

# ሃማመተኤ፡ ን3816 መንእሰያት ሞያዊ ስልጠና ሂቡ



ሃማመተኤ፡ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ደባርዋ፡ እምኒ ሓየለን ሻምብቆን - ን3816 መንእሰያት ብዝተፈላለየ ሞያ ኣሰልጢኑ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ን440 መንእሰያት ካብ 2 ሰሙን ክሳብ 2 ወርሒ ዝተዋህበ ትምህርቲ፡ ምትካል ሶላር፡ ምዝርጋሕ መስመር ኤሌክትሪክ፡ ምትካል ደሽ፡ ስነ-ጽባቐ ጸጉሪ ርእሲን ቀዳማይ ረዲኤትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣማሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት፡ ሃማመተኤ - መንእሰያት ሞያ ዓጢቖም ንዓበሶም ኮይኖም ኣብ ኩሉ መዳያዊ ንጥፈታት ሃገሮም ኣበርክቶኦም ከሐይሉ ንዝገበሮ ዘሎ ጻዕሪ ሞጒሱ።

ኣብ ንኡስ ዞባ እምኒ ሓየሊ እውን ንሰለስተ ኣዋርሕ ብተመሳሳሊ ዓውደ-ሞያ ዝሰልጠኑ 261 መንእሰያት ብ29 ግንቦት ተመሪቖም።

ምምሕዳር ንኡስ ዞባ እምኒ ሓየሊ ወይዘሮ ትርሓስ ፍቓዱ፡ መንእሰያት ዝተዋህቦም መበገሲ ትምህርቲ ብጹዕዖም ክበርክቶ ኣዘኻኺራ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምብቆ ብተመሳሳሊ፡ 115 መንእሰያት ብዓውድታት ምትካል ዲሽ፡ ሕመረትን ፈተውራርን ሰልጢኖም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መንእሰይ ሓገስ ከሰተ፡ መንእሰያት ተማሃሮ ብሃማመተኤ ዝወሃብ ሞያዊ ስልጠናታትን ዝተፈላለዩ ዕድላትን ተጠቒምኩም ንኽኸዱ፡ ውዳቤኦም ኣሐይሎም ኣብ ማሕበር መንእሰያት ዘለዎም መረዳእታ ከዕብዩ መኺሩ።

# ኣብ ኤርትራ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ

ኣብ ኤርትራ፡ 4.7 ሬክተር ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ።

እቲ ብ4 ሰነ 2023 ሰዓት 7:14 ቅ.ቐ - ካብ ከተማ ሰንዓፈ 52 ኪ.ሜ ንሸነኽ ደቡባዊ ምብራቕ ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ፡ ኣብ 10 ኪ.ሜ ዕምቈት ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣብ ከተማታት ኣስመራ፡ ምጽዋዕ፡ ዓዲ-ቐይሕን ሰንዓፈን ተሰሚዑ።

ዛጊት ግን፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ብዙሕ ዘውረዶ ጉድኣት ዝተሓበረ ጸብጻብ የለን።

ብ15 ግንቦት 2023 ሰዓት 10:06 ምሸት እውን ተመሳሳሊ ዓቐን ዘለዎ ምንቅጥቃጥ ምድሪ - ኣብ ተመሳሳሊ ስነ-ቅርጻዊ ስርዓተ-ምድሪ ዝተደኮነ ቦታታት ሃገርና ኣጋጢሙ ምንባሩ ይዝከር።





# ለዓይተን - ተሳታፍነት ኣብ መደብ ‘ዓረዮት’ ይብርኽ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ምምሕዳር ከባቢ ለዓይተን፡ ኣብ መደብ ‘ዓረዮት’ ናይ ዝሳተፉ ተመሃሮ ቁጽሪ ይወሰኽ ከምዘሎ ተገሊጹ።

ርእሰ-መምህር መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ለዓይተን መምህር ኢብራሂም ኣሕመዲን፡ ቁጽሪ ናይ'ቶም ብዝተፈላለዩ ምኽንያት ኣብ ግቡእ ዕድመኦም ትምህርቲ ክጀምሩ ብዘይምኽኣሎም ብመደብ ዓረዮት ከምዝርከቡ ዝገበሮ ዘሎ ተመሃሮ፡ ብኣስታት 200 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘመዝገበ ኣረዲኡ።

ኣብ'ዚ ዓመት እዚ፡ 17 ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 34 ተመሃሮ ኣብ ስሩዕ ትምህርቲ ከምዝተጸንበሩ ዝሓበረ መምህር ኢብራሂም፡ ጸበት ክፍልታት ንምቕላልን መሰረታዊ ኣገልግሎት ትምህርቲ ንምርግጋጽን - ተወሳኺ ክፍልታት ይስራሕ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ኣብ ዓመተ-ትምህርቲ 1992/93 ብ150 ተመሃሮ ኣገልግሎት ዝጀመረት ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ለዓይተን፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ን963 ተመሃሮ ኣገልግሎት ትህብ ኣላ።




# ቅልውላው ማእከላይ ዕድመ

ማርታ ክብሮም

ቅልውላው ማእከላይ ዕድመ፡ ኣብ መፋርቕ ዕድመ ምስ በጽሕካ ዝርአ ምልውዋጥ ናይ ባህርያት እዩ። ኣብ ክልቲኡ ጾታ ድማ ይኸሰት። ዝያዳ ግን ኣብ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዕድመ 40-60 ዝለዋ ደቂ-ኣንስትዮ የጋጥም። እዚ ዘጋጥመን ደቂ-ኣንስትዮ ጸቕጢ ይሰምዐን። ቀንዲ ጠንቅታት ናይ'ዚ ቅልውላው እምበኣር፡ ምቕይያር ሆርሞናት እዩ።

ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ብዝበጽሓ፡ ብትከተ ጸግያት የጋጥመን። ብሰንኩ ድማ ኣብ ኣካላተን ናይ ሆርሞናት ምቕይያር ይኸሰት። ናብ ጸቕጢን ጭንቀትን ከም ዝምርሓ ይገብረን። ብመሰረት ዶክተር ማጆ፡ ምጉዳል ሆርሞን ኢስትሮጅንን ፕሮጀስትሮንን ንስእነት ድቃስን ረሸሽ ምባልን የቃልዕ። ኣብ ብትከተ ጸግያት ዝርከባ ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ርእሰ ምትእምማን ይጎድለን። ናይ ምዝካር ብቕዓተን እውን ቁሩብ የንቀልቅል። ዕድመአን ብምኽንዩ ጸቕጢ ይሰምዖን ክሳብ ናብ ንብር ዝምለሳ ድማ ኣብ ማሕበራዊ ንጥፈታት ከምቲ ዝድለ ክሳተፋ ኣይደልያን።

ዶክተር ማርክ ማጆልድ ከም ዝገለጾ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝበጽሓ ደቂ-ኣንስትዮ ፍርቂ ዕድመአን ከም ዝተወድኣን ናብ ደረጃ እርጋን ይሰጋገራ ከም ዘለዋን ብምሕሳብ፡ ጸቕጢን ጭንቀትን ይወርረን። ስለ'ዚ ትርጉም ዘለዎ ህይወት ንኽነብራ ይቃለሳን ኣብ መጻኢ ከመይ ዓይነት ህይወት ክነብራ ከም ዘለወን ይሓስባ።

ገለ ካብ ቀንዲ ምልክታት ቅልውላው ማእከላይ ዕድመ፦

- ምጉዳል ወይ ምውሳኽ ክብደት።
- ንገለ ንጥፈታት ክትገብርዎ ትግህዎ ወይ ድሌት ዘይምህላው።
- ብዛዕባ ሕሉፍ ህይወትካ ወይ ኣብ ዝሓለፈ ግዜያት ብዘዘበርካዮም ምርጫታት ምጥዓስን ምጉሃይን ተዘውትር።
- ጽልኣት ኣብ ልዕሊ እትግደሰሎም ዝበርካ ሰባት ወይ ነገራት። ኣብ ልዕሊ እትፈትዎም ዝበርካ ሰባት ወይ ተዘውትርዎም ዝበርካ ንጥፈታት ተገዳስነት



ምጉዳል ወይ ጽልኣት ምሕዳር - ገለ ምልክት ናይ'ዚ ሕማም እዩ። ክረስቲን ሀብር ዝተባህለት ኣማኻሪት፡ ደቂ ኣንስትዮ ከም'ዚ ምስ ዘጋጥመን ንኣእምሮአን ብእወታዊ ኣተሓሳስባ ጥራይ ክመልእኦ ከም ዘለወን ትመኽር።

- **ኣካላዊ ቃንዛ-** ስነ-ኣእምሮኣዊ ነውጺታት፡ ሕማም ርእሲን ቅልል ዝበለ ጋስትራይት (ሕማም ከስዐ)ን ክስዕብ ይኽእል።
- ንኡስነን ኣዋጠርቲ ሕቶታት ይሓትኣ። ኣብ'ዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘቕረበት ዶክተር ሉድዊግ ከም ዝገለጸቶ፡ ንድሕሪት ተመሊሰን ኩሉ ዝተጓዕዝኦ መገዲ ቅኑዕ ድዩ ኣይቅኑዕን እናበላ ብሕቶ የዋጥርኣ። እዚ ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ንኡስነን ምስቲ ክነብርኦ ዝግብኦን ሓቀኛ ዝነብርኦ ዘለዋን ህይወት ብምውድዳር፡ ወጠር ነብሰ ገምጋም ይገብራ። ንውሽጠን ኣጸቢቐን ክሰምዓኦ ከም ዘለወን ድማ ይርድኣ። እንተኾነ ንውሽጣዊ ድሌተን ምሉእ ብምሉእ ክገብራኦ ከም ዘይክእላ ምስ ተረድኣን እንደገና ሕማቕ ክስምዐን ይጅምር።
- **ሓደ ሓደ ግዜ ቅልጡፍን ዘይቕኑዕን ውሳኔታት ክወስና ይኽእላ-** ብዙሓት ኵርጨውጨው ክበላን ሓደ ሓደ ግዜ'ውን ቅልጡፍ ውሳኔ ብምውሳድ ናብ ፍትሕ ክበጽሓን ይግደዳ። ከም'ዚ ኣብ ዝገብራሉ ግና፡ ኣንጻረን ክንለዓል ዘይኮና ሃዲእና ክረድኣን ይግባእ። ምኽንያቱ ናብ ከም'ዚ ህሞት ዘብጽሐን ምቕይያር ሆርሞን እዩ። ምስ በዓል ቤተን ኣዝዩ ፍቕሪ ከም ዘይነበረን ደቀን ግቡእ ፍቕሪ ከም ዘይሀብወንን ከም ዘይእዝዙወንን ብምሕሳብ፡ ብታህዋኽ ናብ ዘየድሊ ውሳኔ ንምብጻሕ ከም ዝቐልጥፋ ዶክተር ሉድዊግ ተረድኣ።
- **ኣብ ለይቲ ብዙሕ ክትድቅስ ዘይምኽኣል-** ብፍላይ ኣብ ግዜ ምቁራጽ ጽግያት ወይ ብትከተ ጽግያት፡ ደቂ-ኣንስትዮ ብስእነት ድቃስ ይጥቅዓ። ናይ'ዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ እቲ ኣብ ኣካላት ዘጋጥም ምቕይያር ሆርሞናት እዩ። ብዘይካ'ዚ ጸቕጢ እውን ብዙሕ ከም ዘይትድቅስ ክገብር ከም ዝኽእል ሕክምናዊ መጽናዕትታት ይሕብሩ።
- **ናይ መጻኢ መደባተን ሃንደበት ዝለ ኮይኑ ይስምዐን-** 'ሓደ ካብ ባህርያት ዕድመ ንእስነት፡ ኩሉ ግዜ ኣብ መጻኢ እኹል ግዜ ከም ዘለና፡ ኣብ መወዳእታ ኩሎም ሕልምታትና ናብ ክውንነት ከም ዝመጽኡን ድሌታትና ከም ዝፍጸሙን ንኣምን' ትብል ዶክተር ሉድዊግ። ከምኡ እናበልና ድማ ብተስፋ ንጓዓዝ። ኣብ'ዚ ማእከላይ ዕድመ ምስ በጽሕና ግና፡ ኩሎም እቶም እንሓስቦም ዝበርና ነገራት ደቂ ኣንስትዮ ደቀን ኣእኪለን ምስ ኣገብኣ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ብዝበጽሓ ምስ በዓል ቤተን ወይ ምስ ደቀን ከም ዘይተፈጸሙን ከም ዘይፍጸሙን ብምሕሳብ ንሕማቕ ስምዒት ንቃልዕ።
- **ምስልቻው-** ኣብ'ዚ ዋላ እቲ ክገብራኦ ዝፈትዋኦ ዝነበራ ነገራት ምትግባሩ ደስ ኣይብለንን ወይ የሰልቸወን። ስለ'ዚ ካልእ ደስ ዘብለን ንጥፈት ዘበረን ክገብራ ይምርጻ።
- **ደጋዊ ምስሊን ኣብ ምርኣይ ብዙሕ ግዜ ምሕላፍ-** ኣብ ገጽን ዝወጸአን ዕጣር/ፊጺጋ ንኸርእያ ኣብ ማስትያት ብዙሕ ግዜ የሕልፋ። እዚ ንመእለዩ ዝኸውን ሓሳባት ኣብ ምድላይ እውን ይዋፈራ። ብዙሓት'ውን እዚ ዕጣር ኣልየን መንእሰያት ንምምሳል ብዙሕ ሜላታት ይጥቀማን ዘይተኣደነ ገንዘብ የፍስሳ። ኣብ'ዚ መዳይ እተን ዘይተመርዓዋ ደቂ ኣንስትዮ ልዕሊ እተን ዝተመርዓዋ ኣብ ደጋዊ መልክዐን ይግደሳን ኑቲ ምጭምዳድ ገጽ ከጥፍኣ ብዙሕ ጻዕርታት የካይዳ።
- **ኣዘየን ዝጓበያ ኮይኑ ይሰምዐን-** ብመሰረት ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዋተርሎ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዝበጽሓ ደቂ-ኣንስትዮ ኣዘየን ዝጓበያ ኮይኑ ስለ ዝሰምዐን ዘይዕገባ ይኾና፡ ሓጎሰን ይጎድለን።

ሽሕ'ኳ እዚ ቅልውላው ኣብ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ዝርአ እንተኾነ ከም ኣዝዩ ከቢድ ጉዳይ ክርአ የብሉን። ምስ ግዜ እናሃሰሰ ዝኸይድ እዩ። ኣብ'ዚ ዕድመ ንዝበጽሓ ኣሓትናን ኣዴታትናን ክሳብ ናብ ንብር ባህርያተን ዝምለሳ እቲ ዝግብኦ ፍቕሪ ሓልዮትን ክንክንን ንለግሰለን። ምኽንያቱ ናይ'ዚ ቅልውላው ቀንዲ መፍትሒ ንሱ ስለዝኾነ።

## ካባኹም እንደልዮን እንብህጎን ነገራት

መብዛሕትኡ ግዜ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘርያአን ናይ ዘለዉ ሰባት ድሌታቶም ተረዲአን ክፍጽማሎም ኣይጽገማን። ኣብ ጾታዊ ዝምድናታት ምስ እንመጽእ እውን በዓል ቤተን ወይ ኣፍቃሪአን ካብአን እንታይ ከም ዝደሊ ክርድኣን ክፈልጣን ኣይጽግመንን። እዚ ብተፈጥሮ ዝተዓደለን ጸጋ እዩ። ከምቲ ንሳተን ንድሌታት መጻምደን ዝርድኣ፡ መጻምደን ድማ ክርድኣለን ይደልያ። ኣብ'ዚ መዳይ ደቂ-ተባዕትዮ ብባህሪ ንጡፋት እኳ እንተ ዘይኮኑ፡ እዘን ኣብ ታሕቲ እንጠቕሰን ነጥብታት ግና ናይ ኩላትና ደቂ-ኣንስትዮ ድሌታት እየን እሞ ካብ ምትግባረን ድሕር ኣይትበሉ።

1. ህያባት- እዚ ናብ ሓደ ወገን ዝግደፍ እኳ እንተዘይኮነ መጻምድትና ሓደ መዓልቲ ህያብ ሒዙ ክመጽኣና ካብ ምጽባይስ - ዓዲ ወዓልና ኣይንፈልጥን ኢና። ኣብ'ዚ ዕብየት ወይ ዋጋ ናይቲ ህያብ ብዙሕ ኣየገድሰናን እዩ። ካብ ልቢ ዝቐረበ ህያብ እቲ ዝለዓለ ምኳኑ ኢና ንኣምን።

2. ሰብ ሓዳር ደቂ-ኣንስትዮ ሓደ ሓደ ግዜ ንቑሩብ ሰዓታት ሓላፍነት ገዛን ምእላይ ቈልዓን ክተብርዩና ንደሊ ኢና። እዚ ማለት ኩሉ ግዜ እኳ እንተ ዘይኮነ ምስ መሓዙትና ወጺእና እንዘናግዓሉን እነዕልለሉን ግዜ የድልየና እዩ።

3. ቃላት ኣገዳሲ እዩ። ካብ መጻምድትና እታ ወትሩ ክንሰምዓ እንደሊ ቃል፡ 'የፍቅረኪ እየ' ትብል እያ። ንሕና ንዓኹም 'ዘበለጽኩ ኳል ኣንስተይቲ' ምዃንና ክትነግሩና ንጽበ ኢና።

4. ንሸኻትኩም ብሰነ መንገት ክትሓስቡ ከለኹም ንሕና ግና፡ ብስምዒትና ኢና ንሓስብ። እዚ ማለት ብሰነ መንገት ኣይንሕሰብን ማለት ኣይኮነን። ውሳነ ኣብ እንወሰኑ ግዜ ግና፡ ስምዒትና ኣብ ግምት ንኣትዎ ኢና። ስለዚ ዚ ክትርድኡልና ንደሊ ኢና።

5. ምሳኹም ኣብ እንዛረበሉ ይኹን እነዕልለሉ ግዜ፡ ጽን ኢልኩም ክትሰምዑና ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ብዛዕባ ጸገማትና ወይ ሽግራትና ኣልዒልና ኣብ እንዛረበሉ ግዜ፡ ጽን ኢሉ ዝሰምዓና ሰብ ኢና እንደሊ። ምኽንያቱ ልዕሊ እቲ እትህቡና ሓገዝ ምስማዕኩም እዩ ኣገዳሲ።

6. ብዛዕባ ስምዒታትኩም ወይ ኣተሓሳስባኹም ኣብ እትነግሩና ግዜ፡ ብቕንዕና ክኸውን ይግባእ። ደቂ ኣንስትዮ ብባህሪ ንዘቐራረበና ሰብ ብቕንዕና ናይ ምቕራብ ባህርያት ኣለና። ንሕና ድማ ካብ መጻምድትና ከምኡ ኢና እንጽበ።

7. ነገራት ብቐሊሉ ኣይንገድፍን ኢና። ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ስራሕ ወይ ኣብ ደገ ሓሪቕኩም ወይ ዘይጽቡቕ ስምዒት ሒዝኩም ምስ እትመጹ ኣብ ገዛ ክትርስዕዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንሕና ግና፡ ከምኡ ኣይኮንናን። ብደገ ዘይጽቡቕ ስምዒት ሒዝና ንገዛ ምስ እንመጽእ ብቐሊሉ ክንርስዖ ኣይንኽእልን ምስቲ ኣብ ጥቓና ዘሎ ሰብ'ውን ኵርጨውጨው ክንብልን ዘይልኣም ቃላት ክንዛረብን ንኽእል። ወላ'ኳ ከውግዶ ንጽዕር እንተኾንና፡ ክትርድኡልና ግና ዝበለጸ እዩ።

## ካብ ባህርያት ገዛእ ርእሳ እተፍቅር ጓል-ኣንስተይቲ

1. ንገዛእ ርእሳ ምስ ካልኦት ሰባት ኣይተወዳድርን እያ። ኣብ ዘርያኻ ምስ ዘለዉ ሰባት ምውድዳር ጸቡቕ እኳ እንተኾነ፡ ምስ ዝበዝሐ ግና፡ ሓደገኛ ምዃኑ ስለእትርድኣ ኣይተተግብሮን እያ። ምስ ነብሳ ብምውድዳር ንዝበራ ሕሉፍ ጌጋታትን ድኽመታትን ኣዕሪያ ካብ ትማሊ በለጸ ክትርአ እትፍትን እያ።

2. ብዛዕባ ርእይቶ ሰባት ኣይትጭነቕን እያ። ንኹሉ ሰብ ከተሐጉስ ከም ዘይከኣል ስለ ትርድእ፡ ኑቲ ክትገብሮ እትኽእል ሓሳባት ጥራይ እያ ትወስድ።

3. ንገዛእ ርእሳ ጌጋታት ክትፍጽም ተፍቅደላ እያ። ኩሉ ግዜ ጌጋታት መናብርቲ ሰብ ምዃኑ ተረዲኣ ካብኡ ክትእረም ትፍትን እምበር፡ 'ከይጋገ' ብዝብል ኣተሓሳስባ ንኡስ ጨቂና ኣይትሕዝን እያ።



4. ናታ ክብሪ ኣብ ደጋዊ መልክዕ ዝምርኮስ ከም ዘይኮነ ትፈልጥ እያ። መለክዒ ክብራ ኣብ ደጋዊ ገጽታ ኑብሳ እተትሕት ዘይኮነት ብዘለዋ ውሽጣዊ ጸባቕ እትተኣማመን እያ።

5. ኣብ ህይወታ ዝጸደልዩዋ ሰባት ካብ ምእላይ ኣይትፈርሕን እያ።

6. ውሳኔታት ኣብ እትወስነሉ ግዜ ኣብ ኑብሳ ምትእምማን ኣለዋ።

7. ንኡሳ ለዋህ እያ። እቲ ንኡሳ ክትገብረላ ትኽእል ነገራት መጀመርታ ንኡሳ እምበር ንኻልኦት ሰባት ኣይትገብርን እያ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ    ቤተልሄም ታደሰ
ሳምራዊት ሃብተ    ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጸ. 1284

# ማሕበራዊ ዕብየት

ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ

## ድሕነትና ነውሕስ!

2ይን መወዳእታን ክፋል

ኣካል ምክልኻል ሞትን ካብ ስንክልናን ሰራሕተኛታት፣ ዕንወት መሳርሒታትን ንብረትን፣ ብኸለ ኣከባቢን ካልእን ክሳብ ዘይሃለወ፣ ድሕነት ሰራሕተኛታትን ንብረት ትካልን ንምውሓስ ብደረጃ ትካል ዝወሰዱ ስጉምቲታት ብመንጽር ኣዋጅ ዕዮ ዝጠልቦ፣ መምርሒታትን ፖሊሲታትን ትካል ዝሓቖፉ ክዀኑ'ውን ብትካል ዝተዋህቡ ስልጠናን ትምህርትን ይትግበሩ ምህላዎም ንምርግጋጽ ሓገዝ ናይ ካልኦት ኣካላት ከይተጸበዩ፡ ትካል ባዕሉ ቀጻሊን ስሩዕን ዝኾነ ቁጽጽርን ክትትልን ክካይድ ክኽእል ኣለዎ። ቁጽጽርን ክትትልን መደባት ስራሕ ድሕነትን ጥዕናን ልክዕ ከምቶም ካልኦት ምምሕዳራዊ ንጥፈታት፡ ኣካል ናይ ምሕደራ መምርሒ ክኸውን ክኽእል ኣለዎ። እዚ ኣገዳሲን ተመራጺን ተግባር ምስቲ ብበብዘሉ ዝተወሰደ ስጉምቲታት ተመዝገቡ

ክሰድን ኣምሳያኡ ምትዕርራያት ክግበረሉን እንተተኻእሉ ድማ፡ ናይ ብሉጺ ኣብ መንጎ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ክህሉ ዝድለ ሰላማዊ ዝምድና ክሃንጽ ይኽእል። ሚ/ዕ/ማ/ ድሕነትን'ውን ኣብዚ መዳይ ብደረጃ ትካል ዝትግበር ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ (ርእሱ-ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ) ንኽህሉ ዘይተሓለለ ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርከብ።

ብዘወሳኺ'ውን ትካላት ድሕነቶምን ጥዕናኦምን ንምውሓስ ዝወስድኦ ናይ መከላኸሊ ኣገባብትን ሜላታትን፡ ንሰራሕተኛታተን ዝኸውን ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ከም መጽር ዓይኒ፣ ናይ ድሕነት ጫማ፣ ናይ እዝኒ መከላኸሊን ካልእን ጥራይ ብምቕራብ ክሽፍንኦ ይፍትኑ። እዚ ድማ ምሉእ ናይ ድሕነት ስጉምቲ ኣይኮነን። ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ናይ መወዳእታ ኣማራጺ መከላኸሊ ሜላ ምዃኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። መከላኸሊ ሜላታት ወይ ኣገባብት ዝበዝሉ ብቕደም-ተኸተል ክስርዑ ከለዉ፡ ምውጋድ፡ ምጉዳል፡ ምትካእ፡

ኢንጂነሪንግ ግቱኣትን ምምሕዳራዊ ቁጽጽርን ኮይኖም፡ ኣብ መወዳእታ ውልቃዊ መከላኸሊ መሳርሒታት ምጥቃም ይመጽእ። ክንዲ ዝኾነ ትካል ኣብ ቦታ ስርሑ ኪጋጥሙ ንዝኽእሉ ሓደጋታት ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ሜላ ብምኽታል፡ ድሕነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታቱን ቦታ ስርሑን ከውሕስ ይግባእ። ኣተሓሳስባን ኣረኣእያን ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን እውን ዚ ዝተገልጸ ናይ መከላኸሊ ስጉምቲታት ከም ቀንዲ ኣካል ምምሕዳራዊ ንጥፈታት ወሲዶም ንኽተግበሩዎ ጻዕርታት ክገበሩ ይግባእ።

ሰራሕተኛታት ኣብ ዝተመደቡሉ ቦታ ስራሕ፡ ድሕነቶምን ጥዕናኦምን ንኽሕሎ ከምኡ'ውን ድሕነትን ጥዕናን ትካሎም ንኽውሓሱ ኣብ ዝወሰዱ ስጉምቲታት ሓሳባት ወይ ርእይቶታት ንኽህቡ ይፍቀደሎም'ዶ? ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ክትግበሩ ኣብ ዝተወጠኑ መደባት ስራሕን ስጉምቲታትን ምርግጋጽ፡ ሓደ ካብቶም ክንፈጉ ዘይብሎም መሰላት ሰራሕተኛታት እዩ። ሰራሕተኛታት ኣብ ከምዚ ዝኣመሰሉ ኣገደስቲ ጉዳያት ከምዝሳተፉ ምግባር፡ ዋንነት ስራሕ ተሰሚዕዎም ተግባርቲን ፈጸምቲን ወሰንቲ መደባት ስራሕ ክኾኑ ይሕግዝ። ክንዲ ዝኾነ ትካል ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ዝሕይሉ መንገዲታት ብፍላይ ድማ ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ሃሰው ክብልን ግብራውነቱ ከረጋግጽን ክኽእል ኣለዎ።

ተሳታፍነት ሰራሕተኛታት ኣብ ምውሓስ ድሕነትን ጥዕናን ብዘይተፈላለየ መንገድታት ክረጋገጽ'ኳ እንተኸኣለ፡ ሓድሕዳዊ ምዝርራብን ምምይያጥን፡ ሕቶታት ምሕታት ከምኡ'ውን ሓያስቲ ሓሳባት ምቕራብ ገለ ካብቶም ቀንዲን መሰረታውያንን ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ከረጋግጹ ዝኽእሉ መንገዲታት እዮም። ዛዓም ዝተጠቕሱ ኣገደስቲ መንገድታት ቅኑዕ መስመር ኣትሒዞም ተግባራውነቶም ንምርግጋጽ፡ ምምሕዳራዊ ተወፋይነትን ተገዳስነትን ትካል ከምኡ'ውን ሓያል ድሌትን ተበግሶን ሰራሕተኛታት፡ ኣዝዮም ኣገደስቲ ረቛሒታት ትግባረ መደባት ስራሕ ቁጽጽር ኩነታት ስራሕ እዮም።

ተሳትፎ ሰራሕተኛታት ብኸሉ መዳያት ሕጋውነት ወይ ወግዓውነት ክለብሱ፡ ትካል ክደፍኣሉ ክኽእል ኣለዎ። ትካል ብመንጽር ዘለዎ ብዝሒ ሰራሕተኛታት፣ ዝውንኖ ዓይነትን ባህርይን ቦታታት ስራሑ፣ ዘካይዶ ንጥፈታትን ዕማማትን ካልእን ተመርኲሱ "ኮሚቴ ድሕነትን ጥዕናን" ወይ "ወከል ድሕነትን ጥዕናን" ዝበሃል ኣካል ምስ ንጹርን ዘየሻሙን ሓላፍነት ክቐውም ይግባእ። መብዝሕትኡ ግዜ ትካላት

ኣካላት ንኽረጋገጽ፡ ብቐጻሊ ኣድላዪ ዘለዎ ምትሕብባር፡ ምትሕግጋዝን ከምኡ'ውን ምክትታል ይገብረለን'ዩ። ምኽንያቱ ብወገን ሚኒስትሪ ዝካየድ መደባት ቁጽጽር ኩነታት



ኣብ ትሕቲኦን ተመዲቦም ንዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዝሑም ካብ 5 ክሳብ 19 እንተኾይኖም፡ "ወከል ድሕነትን ጥዕናን" መዝዘን ከምድባ፣ ብዝሑም ካብ 20 ንላዕሊ ምስዝኸውን ድማ "ኮሚቴ ድሕነትን ጥዕናን" ክቐውማ ከምዘለወን ኣህጉራዊ ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን ይሕብር። እዚ ግን ምስ ህሉው ሃገራዊ ኩነታትን ክውንነትን ምቅይያር ክግበረሉ ዝኽእል እዩ።

ኮሚቴ ድሕነትን ጥዕናን ወይ ድማ ወከል ድሕነትን ጥዕናን እቲ ልሙድ ትካላዊ ኣሰራርሓ ተኸቲሉ ንጥፈታቱ ዘካይድ ኮይኑ፡ ብደረጃ ትካል ንጹርን ብዙሕ ሕልኽላኽ ዘይብሉን ቅርጺን ኣቃውማን ኣለዎ። ከምዚ ምግባር ተሓታትነትን ሓላፍነትን ኣብ ምንጻር ዘለዎ ተራን ኣበርክቶን ልዑል ኮይኑ፡ ጉድለት ኣሰራርሓ እንተልዩ ሕጋዊ ስጉምቲ ኣብ ዝውሰደሉ ግዜን እዋንን ዘሻሙ ወይ ድማ ክርክር ዝፈጥር ኩነታት የወግድ። ኣብ መንጎ ትካልን ሰራሕተኛታትን ክህሉ ዝድለ ጥዑይ ዝምድናታት ዕዮ ድማ ብዝያዳ ክድንፍዕ ይሕግዝ።

ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ህላወ፡ ስርርዕ ከምኡ'ውን ኣድማዕነትን ወጽኢትን ትግባረ መደባት ስራሕ ናይዘን ዝተጠቕሳ

ስራሕ ብውሱን መጠን ዝህልዎ ጸርን ሸኽምን ከቃልል ኣብ ርእሲ ምኽኣለን፡ ኣብ ትካል ኪጋጥሙ ዝኽእሉ ሓደጋታትን ሕማማትን ንኽሰድል ዘለወን ተራን ኣበርክቶን ድማ ናይ ብሉጺ ዝነኣድ'ዩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ትካላት ዘለዋ ኮሚቴታት ወይ ወኪላት ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ቅርጻዊ ኣቃውማን ኣሰራርሓን መሰረታዊ ዝኾነ ሕጽረታት ኣለወን።

ሰራሕተኛ ኣብ ቦታ ስርሑ፡ ዘይውሑስ ተግባራት ወይ ድማ ዘይውሑስ ኩነታት ምስ ዝዕዘብ ከምኡ'ውን ድሕነቱን ድሕነት መሳርሒቱን ትካሉን ኣብ ሓደጋ ዘእትው ኩነታት ምስ ዝርኢ እንታይ ክገብር ይኽእል? ሰራሕተኛ ዓቕሙን ብቕዓቱን ዝፍትን ኣብ ሓደገኛ ወይ ኣጸጋሚ ተግባራት ወይ ኩነታት ንኽሳተፍ እንተተኣዘዙ ክኣቢ ይኽእል'ዶ? እዚ ሕቶ ብቐጻሊን ብተደጋጋምን ዝቐርብ እዩ። መብዝሕትኡ ድማ ዘይተገዳስነት፡ ሸለልትነት፡ ሓላፍነት ምጉዳልን ካልእን ዝኣመሰሉ ኣሉታዊ ባህርያት፡ ዕንቅፋት ንስራሕ ምኻኑ ተቘጻጸርቲ ኩነታት ስራሕ ዝሰማምዕሉ ጉዳይ እዩ። ከም ዝፍለጥ ድሕነትን ጥዕናን ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋናት ኣብ ዋጋ-




ዕዳጋ ዝኣቱ ዛዕባ ኣይኮነን። በቲ ሓደ ሸነኽ ክርእ ከሎ፡ 'እምቢ' ምባል ወይ ድማ 'ኣይከውንን' ኢልካ ንልዕሌኻ ዘሎ ሓላፊ ምምጓት ቀሊል ዕማም ክኸውን ኣይክእልን። እንተኾነ ንቕሓትን ኣፍልጦን ክልቲኦም ወገናት ክብርኽ እንተተኻኢሉ፡ ክዕረ ዘይክእል ኣይኮነን። እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ኣብ ኣብሃላን ኣቀራርባን እዩ። ስለዚ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ኪጋጥም ከሎ፡ እቲ ቅኑዕ ኣገባብ (መንገዲ) ተኸቲልካ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ምሕባር እቲ ወሳኒ ተመራጺን ንጥፈት እዩ። ብዘወሳኺ፡ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ብቐረባ ተወሳኺ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣካላት ማለት ኮሚቴ ድሕነትን ጥዕናን፡ ወከል ድሕነትን ጥዕናን፡ ጨንፈር ቁጽጽር ኩነታት ስራሕን ካልእን ከምዝሳተፉ ምግባር ዝሓሸ ወጽኢት ከምጽእ ይኽእል።

ንኣብነት ብዛዕባ ብቑዕ ስልጠናታትን ትምህርቲታትን ሓደሽ መሳርሒ ምጥቃም፣ ዝተሰብረ ወይ ዘይብቑዕ መሳርሒታትን ኣቕሑትን ገደርካ ንጥፈታትካ ምክያድ፣ ውልቃዊ መከላኸሊ ልብሲ ከይወደኻ ስራሕካ ከተካይድ ምፍታን፣ ካብቲ ትጥቀመሉ ዘሎኻ ኣገባብ ኣሰራርሓ፡ መሳርሒታት ወይ ኣከባቢ ስውጡታት ምስ ዝገብርን ካልእን ንድሕነትካን ድሕነት መሳርሕትኻን ትካልካን ክትብል ኣብ ስራሕ ምስታፍ ተመራጺ ኣይኮነን። ስለዚ ሰራሕተኛ ኣብ ዝተወሰኑ ፍሉይን ወህብ ኩነታትን ሕድገት ተሳትፎ ኣብ ዘይውሑስ ተግባራትን ኩነታትን ክገብር መሰሉ ምዃኑ ክርስዕ ዘይብሉ ኣገዳሲ ጉዳይ'ዩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ቁጠባን ዕብየትን ሃገር ክረጋገጽ እንተኾይኑ ምቹእ ናይ ስራሕ ኩነታት ክፍጠር ይግባእ። ምቹእ ናይ ስራሕ ኩነታት ክፍጠር እንተኾይኑ ድማ፡ ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ብፍላይ ድማ ኣሰራሕትን ሰራሕተኛታትን ግቡኦም ክዋጽኡ ኣለዎም። ንቕሓትን ኣፍልጦን ብዛዕባ ድሕነትን ጥዕናን ምዕባይ ድማ እቲ መሰረታዊ ፍታሕ ናይዚ ክግለጽ ዝጸንሐ ዛዕባታት ምኳኑ ርዱእ ኮይኑ፡ ንምዕዋቱ ዘይተሓለለ ጻዕርታት ምክያድ እዋኑ ዝጠልቦ መሰረታውን ኣገዳስን ተግባር እዩ። ሰራሕተኛታት ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ዘለዎም ኣፍልጦን ኣተሓሕዛን፡ ማዕረ ዘተግብርዎ መደባት ስራሕን ዘካይድዎ ንጥፈታትን መታን ክኸውን፡ ብቑዕን እኹልን ኣፍልጦ ክህልዎም፡ ተሳትፎ ክረጋገጸሎም ከምኡ'ውን ኣብ ወሰን ኩነታት ሕድገታት ንኽገብሩን ዝኣመሰሉ መሰላትን ዕድላትን ክፍጠረሎም ኣለዎ።

**ብንያም ኣሕፈሮም**
**ሞያዊ ድሕነትን ጥዕናን**



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

19 ክፋል

## ንድፊ ህይወት

**“ርሑቕ ጠሚተ እንተ ኾይነ ኣብ ማእገር ሊቃውንቲ ስለ እተሓንገርኩ እዩ።” - ኣይዛክ ኒውተን**

**“ኣርኣያ ዝበሃል ሰብ ኣብ ወሽጥኻ ዘሎ ተስፋ ኸትርኢ ዝሕግዘካ እዩ።” - ኦፕራ ዊንፍሪ**

እቶም ከም ኣርኣያ ዝሕሰብኻ ሰባት፡ ኣብቲ ንስኻ ኣብ ህይወትካ ዕቱብ ምርጫ እትገብረሉ ግዜ ገለ ፍሉይ ኣበርክቶ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። እቶም ኣገደስቲ ዝበሃሉ ውሳኔታት መብዝሕትኡ ግዜ ቀሊልቲ ኣይኮኑን። እቲ ምንታይሲ፡ ንህይወትካ ክቕይሩ ወይ ከማዕብሉ ልዑል ተኽእሎ ዘለዎም ክኾኑ ይኽእሉ እዮም።

ዕለታዊ ህይወትካ ከም ንቡር እናሰላሰልካ እንከለኻ ኣብ ኣእምሮኻ ብዙሓት ተወዳደርቲ ጉዳያት ሀሩግ ይብሉኻ እዮም። ሓደ ጉዳይ ኣብ ግምት ኣእቲኻ ካልእ ጉዳይ ንግዚኡ ከም እተወንዝፎ ሕርብት ክብለካ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ኣእምሮኻ ብምሕር ዋጭዋጭታ እተረብሸ ኩይኑ ይስመዓካ።

ኣእምሮኻ ብዋጭዋጭታ ከም እተረብሸ ክስመዓካ እንከሎ ኣብ ምምኻር ከም ዝሕግዘካ ንዝኣመንካሉ ኣርኣያ ዝሕሰበካ ሰብ ምውካስ ተመራጺ እዩ። ወዮ ኣርኣያኻ ነቲ ኣብ ኣእምሮኻ ዘሎ ዋጭዋጭታ ክትፈትሖ እንከለኻ ብጽሞና ክሰምዓካ ይኽእል። ጸኒሑ ኸኣ ኣየናይ ብቐዳምነት ከም ዘድልየካ መምዩ በብመስርዖም ንጉዳያትካ ክትመምዮም ከም ዘለካ የማኽረካ።

ንሓዕ ኣርኣያ ዝሕሰብ ሰብ ዝ. ምስ ምሉእ ሓልዮት እዩ ዘሰላስል። እናሓገዘ ከማን ማዕረኻ እናተኣቐበለ እዩ ንጉዳይካ ከም ጉዳዩ ሓዚዙ ዝርኣሉ። በዚ ኸኣ እቲ ኣብ ኣእምሮኻ እተጠርነፈ ዋጭዋጭታ፡ ብገለ ዓቕን ከም ዘፍኰሰልካ ርዱእ እዩ።

ናይ መብዛሕትና ጸገም ንጉዳያትና ብኸመይ ብደረጃ ቀዳምነታቶም ኣገዳስነቶም ንስርዖም እዩ። ቀዳምነታቱ ዘይፈልጥ ሰብ ነቲ ዝበለጸ ምርጫኡ ብቐሊሉ ክፈልዮ ኣይክእልን እዩ። ንሓዕ ኣርኣያ እንታይ ክትገብር ከም ዘለካ ኣይነግረካን እዩ። ልዕሊ ዓቕን ከይጸልወካ ልዑል ጥንቃቐ ይገብር። ንሱ ይእምተልካ እምበር፡ ምሉእ ብምሉእ ነቲ ውሳኔ ኣብ ክንዳኻ ኩይኑ ኣይወስድን እዩ።

ኣርኣያ ዝኾኑ ሰባት፡ ብዙርክት ዝበሉ መልክዓት እዮም ዘመጽኡ። ገለ ሰባት ክሳብ መጠረሽታ ዕምሮም፡ ኣርኣያ ዝኾኑዎም ሰባት ይረኽቡ። እዚኣቶም ንርዱእ ምኽንያት ከም ዕድለኛታት ይቖጸሩ። እቲ ምንታይሲ፡ ብዙሓ ህይወቶም ናይ ብሓቂ እዮም ዝሓልየሎም። ንብርክት ዝበሉ ዓመታት እግሪ እግሮም እናተኸተሉ ንኸኒቶታቶም ይከታተሉ። ዳርጋ ከም እቲ ሓደ ወላዲ ንወሉዱ ዝገብረሉ ሓልዮት እዮም ዘርእዩዎም።

የግዳስ ካልኦት ዓይነት ኣርኣያታት እውን ኣለው። ገለ ሰባት ኣብ ኣተዓብብያ ቁልዖ፡ ፊናንሳዊ ኣተሓሕዛ፡ መንፈሳውነት፡ ... ኣርኣያ ክኾኑኻ ዝኽእሉ ኣለው። ንዓኻ ድማ ንግዚኡ ወይ ወቕታውያን ኣርኣያ ዝኾኑኻ ሰባት ክህልዉኻ ይኽእሉ እዮም። በዓል መን ግዚያውያን ኣርኣያ ክኾኑኻ ከም ዘለዎም ዝወሰን ሕጊ ወይ መትከል



የለን። ክንዲ ዝኾነ እቲ ሕርያ ማእቲ ካብ ማእቲ ንዓኻ እዩ ዝምልከት።

ገለ ሰባት በቲ ንሶም ዝመርሕዎ ዕወት ህይወት፡ ኣርኣያ ክኾኑኻ ዝኽእሉ ኣለው። የግዳስ ገለ ካብዚኣቶም ማዕረ ማዕረኻ እናተጓዕዙ፡ ክሕግዙኻ እኹል ግዜ ኣይህብኻን እዮም። እቲ ምንታይሲ፡ ንዮኦ ርእሶም ከም ኣርኣያ ንኻልኦት ከም ዝኾኑ ከማን ኣይፈልጡን እዮም። ምእንቲዚ፡ ክንዲ እቲ ክትከስቦም ዝኽእል ንኽትከስቦም ዕድል ኣየርሕወልካን እዮም።

ብመንጽሩ ካልኦት ሰባት ማእከላይ ዝኾነ ዕወት ህይወት ዘሕለፉ ኮይኖም፡ ንዓኻ ዝሓሸ ኣርኣያ ክኾኑኻ ዝኽእሉ ከም ዘለዉ ኣብ ግምት ከተእትዎ ተመራጺ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ገለ ካብኣቶም ግዜኦም ሰዊኦም ንዓኻ ንምሕጋዝ ክውፈዩልካ ይኽእሉ እዮም።

ኣርኣያ ዝኾኑካ ሰብ ኣብ ምልላዩ ቀሊል ውሳኔ ኣይኮነን ዝሓትት። ነቲ ተበግሶ ባዕልኻ ኢኻ ክትወስዶ ዘለካ። ኣብዚ መዳይ ሓናኽ ምኽኣን ኣየዋጽኣካን እዩ። ነቲ ሰብ ብግልጺ ኣርኣያኻ ምኳኑ ንገሮ። ኣብ ዝተራኸብኩምሉ እዋን ኣበየናይ መዳይ ከማኽረካ ከም ዘለዎ ባዕልኻ ኢኻ ክትመርሖ ዘለካ። ኣብ ኩሉ መዳይ ህይወትካ ከማኽረካ ዘይክድልዮካ ይኽእል እዩ።

ኣብ ህይወትካ ካብቶም ኣርኣያ ክኾኑኻ ዝሓረኻዮም ሰባት ጥራይ ኣይኮንካን እትማሃር። ኣብ ማእከል ሕብረተሰብካ ክትነብር እንከለኻ ካብቶም ኣብ ከባቢኻ ዘለዉ ሰባት እናተፈለጠካ ዲኻ ከይተፈለጠካ ኣብ ህይወትካ ብዙሕ እትማሃሮ ቀምሲ ኣሎ።

ኩሉ ማሕበረሰብ ሓደ ዓይነት ጽልዋ ኣለዎ፡ ኣብ ዝበለ መደምደምታ ክበጽሕ ኣይከኣልን እዩ። ካብ ሕብረተሰብካ ገለ ጸጋ ክትካፈል ከም እትኽእል ኣብ ግምት ምእታው ግዱ ብዕቱብ ክድፍኣሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

ኣባላት ሓደ ሕብረተሰብ ንሓድሕዶም ዘለዋወጥዎ ተመኩሮ፡ ኣተዓብብየን ኣተኣላልያን ደቆም፡ እሂን ምሂን ኣብ ምብህሃል ሰናፋት ኣይኮኑን። ብስራዕ እናተራኸቡ ብዙሓ ኩነታት ደቆም ይዝትዩ። ንደቆም ከም ዝጠቕም ንዝኣመኑሉ ነገር ኣብ ባይታ ከውርዱ ከይተሓለሉ ይሰርሑ። ንኣብነት ንደቆም ዝኸውን ህዝባዊ ኣብያተ ንባብ፡ መጻወቲ ሜዳ ... ክሃንጹ ይኽእሉ። እዚ ብስራዕ ተራኺቦም ናይ ምምይያጥን ምዕያይን ባህሊ፡ ኣብ ህይወት ነፍሲ ወከፍ ኣባል እቲ ሕብረተሰብ ኩሉ መዳያዊ ረብሓ እዩ ዘርክብ። እቲ ዝጸበየ ረብሓኡ ኸኣ፡ ብኸመይ ምስ ሰባት ተሓጋጊዝካ ብምንባር ንህይወትካ ዝሓሸ ከም እትገብሮ ክምህረካ ይኽእል።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝነብሩ ሰባት፡ ናይ ሓባር ክብርታት ዘማዕብልሉ ዕድል ዝሰፍሐ እዩ። ናይ ሓባር ኣመለኻኽታ ከማዕብሉ ኸማን ዝሓሸ ዕድል ኣለዎም። ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ክሉብ ኣንዚብኪ ብምምስራት ንሓድሕዶም ክመያየጡን ክትዕዑን እንከለዉ፡ ንሓድሕዶም ክወሓሓጡ ልዑል ተኽእሎ እዩ ዘሎ።

ኣብ ሕብረተሰብካ ግድን ኣይኮንካን ምስ ሊቃውንቲ ጥራይ እሂን ምሂን ክትብህሃል ክትጸበ ዘለካ። ማእከላይ ፍልጠት ምስ ዘለዎም ወይ ብዙመክሮ ህይወት ሃብታማት ምስ ዝኾኑ ተራኺብካ እሂን ምሂን ክትብህሃል እንከለኻ ኣብ ህይወትካ ክጠቕመካ ዝኽእል እኹል ምህሮ ኣይትስእንን ኢኻ።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ዝተፈላለዩ ሞያ ዘለዎም ሰባት ተመኩሮኦም ክካፈሉ እንከለዉ፡ እቲ ፍልጠት ተደሚሩ ነቲ ሕብረተሰብ ዝሀቦ ረብሓ ቀሊል ኣይኮነን። ሓደ ሕብረተሰብ ብዶክተራት ጥራይ፡ መሃንድሳት ጥራይ፡ ... ኮታስ ብሓደ ዝሞያኦም ዝቖመ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ሕብረተሰብ እኹል ኣፍልጦ ከኻዕብት ይኽእል ኢልካ ኣፍካ መሊእካ ክትዛረበሉ ትኽእል ኣይኮነን።

ሓደ ሕብረተሰብ ብሓኪይም፡ መሃንድሳት፡ መምህራን፡ ፖሊስ፡ ጋዜጠኛታት፡ መካኒካት፡ ደረስቲ፡ ደረፍቲ፡ ሓረስቶት፡ ... ዝቖመ ምስ ዝኸውን ግዱ ኣብ መንጎ እዚኦም ክሀሉ ዝኽእል ናይ ተመኩሮ ምልውዋጥ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ክኸውን ከም ዝኽእል ንምግማቱ ዝሕበድ ኣይኮነን።

ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ናቱ ዝኾነ ተመኩሮን ፍልጠትን ንኻልእ ሰብ ከካፍል የድሊ እዩ። ተቐባሊ ጥራይ ክኸውን ዝደሊ ሰብ የለን ክበሃል እኳ እንተ ዘይተኻእለ እቲ ዝበዝሐ ሰብ ክህብን ክቕበልን እዩ ዝደሊ።

ኣብ ከምዚ ዓይነት ናይ ምሃብን ምቕባልን ስምዒት ዘለዎ ሕብረተሰብ ክትነብር ናይ ብሓቂ ጸቡቕ ዕድል እዩ። ንድፊ ህይወት (life design) ጉዕዞ እዩ። ንብዮንኻ ህይወትካ ምምራሕ ብዝኾነ መለክዒ ባህታ ዝፈጥር ክኸውን ኣይክእልን እዩ።

ብንድፊ ህይወት ምስ እትምራሕ፡ ሚዛኑ ዝሓለወ ህይወት ክትመርሕ ትኽእል። ንሓንቲ መዓልቲ እትነብራ ከም ፍጹም ማዕረ እተመቕለት ክፋላት ሕንቐቐ ገይርካ እስከ ቐጽራ — ሓንቲ ግማዕ ንስራሕካ፡ ሓንቲ ግማዕ ንጸወታን ምዝንጋዕን፡ ሓንቲ ግማዕ ንስድራቤትን ዓርኩመሓዛትን፡ ሓንቲ ግማዕ ንጥዕና።

ኩላትና ኣብ መዳይ ህይወትና ገለ ዝያዳ ግዜን ጻዕርን ክወሃቦ ዘለዎ ኩይኑ ዝስምዓና ጉዳይ ኣሎ። ክንዲ ዝኾነ እዩ ድማ ንድፊ ህይወት ዘድልየና። ሎሚ ክንደይ ካብ ግዜኻ ኣብ ምዝንጋዕ ኣሕሊፍካዮ? ክንደይ ካብ ግዜኻ ኣብ ስራሕ ኣሕሊፍካዮ? ክንደይ ካብ ግዜኻ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናኻ ኣሕሊፍካዮ? ‘ሕንቐቐኻ’ ብልክዕ እንታይ እያ ትመስል።

ሓንቲ ንእሽቶ ምስጢር ክነግረካ። ፍጹም ‘ሕምባሻ’ ዝበሃል የለን። ብዝኾነ ተኣምር ንመዓልትኻ ብፍጹም ዝኾነ ማዕረ መጠን ኣብ ንህይወትካ ዝጠቕሙ መዳያት ክትከፋፍላ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ሚዛን ምስ ግዜ እዩ ዝኸሰት። ንድፊ ህይወት ከማን ምስ ግዜ እዩ ዝኸሰት። እቲ ኣብ ሓደ እዋን ናይ ዓለምና ዝሃብተመ ሰብ ዝነበረ፡ ኣብ ዝኾነ መዓልቲ ንዕዮን ፍቕርን ሚዛን ኣትሒዙ ኣይፈልጥን እዩ። ንሱ ኣብ 1985 ንማይክሮሶፍት ዊንዶውስ ክጀምር እንከሎ ይኹን ኣብ 1986 ንህዝቢ ክፉት ክገብሮ እንከሎ፡ ንዕኡ ከም ገበረሰናይ ኣብ ዓለምና ዝጥምቶ ዋላ ሓደ ሰብ ኣይነበረን። ኣብ 1998 እውን ንዘምድናታቱ ንምድንፋዕ ዝመደቦ ግዜን ነቲ ብመንግስቲ ዝቐረበሉ ክሲ ጉዳይ ዕብለላ (monopoly) ንምክልኻል ዝመደቦ ግዜን ብማዕረ ይመቕሎ ኣይነበረን።

ኣብዚ መዳይ፡ ጉዳይ ሚዛን ጸወጸዋይ እዩ ክበሃል ይከኣል። ንመብዛሕትና ኸኣ የጉህየናን ሕማምልቢ ይኹነናን። ከምቲ ኣቐዲመ እተገልጸ ምስ ከውንነት ኣይንበኣሰን ኢና። ኣብ ከውንነት ምንባር ማለት ነቲ ሕጂ ዘለኻዮ ኩነታት ምቕባል እዩ።

ንድፊ ህይወት ናይ ብሓቂ ብዙሕ “ከመይ ኣኸይድ ኣለኹ?” ንዝበል ሕቶ ምምላስ እዩ። ንህይወት ጸቡቕ ገይርካ እንተ ነዲፍካዮ፡ ናይ ቀረባ ፈለጥትኻ ንግዜኻ ብዋበእ ከም እተጠቕምካሉ ከም ትኽዕሉልካ እዮም። ንስኻ ንሰባት ክፈልጡልካ ኢልካ ኣይኮንካን ንግዜኻ ብዋበእ እትጥቀመሉ። የግዳስ ካልኦት ሰባት ንስኻ ንግዜኻ ብዋበእ ተጠቒምካ ከም እተዓወትካ እንተ ፈለጡ፡ ከም ኣርኣያ ከም ዝጥምቱኻ ክትዝንግዖ የብልካን።

ኣብ ዕለተ ቐብሩ፡ “እገለ ጸቡቕ ናይ ምጽሓፍን ምዝራብን ክእለት ነይሩዎ። ...” ወይ “እገለ ኣብ ስራሑ ቀዳምነታት ናይ ምስራዕን ብቐልጡፍ ናይ ምምራሕን ብቕዓት ነይሩዎ። ...” ተባሂሉ ክዝከሩ ዝምነ ሰብ ዳርጋ የለን ክበሃል ይከኣል።

ህይወት ክሳዕ ደሞዝካ ቸክ (pay-check) ከምኡ’ውን ብቕዓት ኣብ ስራሕ እያ። ንሕና ኹላትና፡ ንገለ ሰባት ከም እነደነቖም ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። ንሕና ኹላትና ዕዮና ኣብ ዓለም ገለ ኣበርክቶ ከም ዝገበረ ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። ንሕና ኹላትና ንህይወትና ከም እነፍቅርን ዝበለጸ ህይወት ከም ዝሕለፍናን ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። ንሕና ኹላትና ብዝተኻእለ መጠን ብዝበለጸ ዕላማን ትርጉምን ህይወትና ንመርሕ ከም ዘለና ክንፈልጥ ንደሊ ኢና። ንሕና ኹላትና ብዝተኻእለ መጠን እኹል ግዜ ምዝንጋዕ ኣሕሊፍና ከም እተሓጎስና ክንፈልጥ ንደሊ ኢና።

ግቡይ እምነት– ንህይወት ምንዳፍ ወዲኣዮ እዩ። እቲ ዝኸበደ ነገር ድሮ ዓሚመዮ ኣለኹ። ኩሉ ነገር ጸቡቕ ክኸውን እዩ።

ዳግመ-መቓንን– ንህይወትካ ምንዳፍ ኣይትውድኦን ኢኻ — ህይወት ባህታ ዝፈጥርን መወዳእታ ዘይብሉ ፕሮጀክት ንቕድሚት መንገድኻ እትሃንጸሉን እዩ።

ኣብ ህይወትካ ኣገደስቲ ውጥናት ምሕንጻጽ የድልየካ፡ ኣገደስቲ ውሳኔታት ክትወስድ ከማን ትሕተት ኢኻ። ሓንሳእ ከምዚ ምስ ገበርካ፡ ህይወትካ ካብቲ ኣቐዲማ ዝነበረቶ ብዙሕ ለውጢ እያ እትገብር።

ኣብ ከምዚ ኹነታት፡ ሓደሽ ንድፍኻ ቦታኡ ክርክብ እንከሎ፡ እቲ ብሉይ ንድፍኻ ብድሕሪኻ ይተርፍ — እዚ ለውጢ ኸኣ ብርግጽ ዓቢ ትርጉም እዩ ዘለዎ። ናይ ብሓቂ ከተስተማቕሮ ትኽእል ኢኻ። የግዳስ ንድፊ ህይወትካ ኣይተዛዘመን። ምእንቲዚ፡ እለኻ-መንገዲ ብኸመይ መንገድኻ ናብ እቲ ንስኻ ክትነብሮ እትደልዮ ንድፊ ህይወት ትረኽቦ እንተ ኾይኑ፡ እቲ መንገዲ ንባዕሉ እትነብሮ እውን እዩ። ንስኻ መንገድኻ ንቕድሚት ክትሃንጽ ጥራይ እዩ ዘለካ።

**ንድፊ ንግድኻትን ፕሮጀክትታትን እትገልጸሉ ኣገባብ ጥራይ ኣይኮነን — መንገዲ ህይወት እዩ።**

**“ንሰብ ዝኾነ ነገር ክትምህሮ ኣይትኽእልን ኢኻ። ነቲ ኣብ ውሽጡ ዘሎ ኸረኽቦ ጥራይ ኢኻ ክትሕግዞ እትኽእል።” — ጋሊሎ ጋሊሌ**

**“ክትማሃር እንከለኻ ክትምህር ኢኻ። ክትምህር እንከለኻ ክትማሃር ኢኻ።” — ፊል ኮሊንስ**

**ይቕጽል**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ያፊት ኣርሚያስ ተኸስተ ምግሌ ተሪፉ፡ ያፊት ኣኽሊሉ ተወልደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.37 ይቕረብ።

በረኸት ቃልኣብ ዑቕቡ ምግሌ ተሪፉ፡ በረኸት ቃልኣብ ዑቕባይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ።

ወ/ሮ ርሻን ገብረእግዚኣብሄር፡ ስም ኣደይ ኣበባ ተወልደ ምግሌ ተሪፉ፡ ኣበባ ኣብርሃም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሃት ኣፈወርቂ ወልዱ፡ ተኸሳሲ. ቢንያም ኣልኣዛር ምሕረትኣብ፡ ናይ ኣጦት ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣቶ ሚኪኤል ኣብርሃ ኤሚልዮስ፡ ኣደይ ምብራቕ የናታን ዓወተ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 4 ህልዋት 2 መውትቲ 3 ተተኻእቲ ደቃም ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ የዲት የማነ ምስግና፡ ወለድና ትምኪተ ኣርኣያ በርሃነ ኣቦና የማነ ምስግና ኣስረሰህይን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጸጸራት

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ የማነ በላይ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ዓወት ኣብርሃም በላይ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ኣቶ ነጋሲ. ወልደማርያም፡ ኣዴና ትበለጽ ገብረማርያም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ከሳሲ. ቢንያም ማርዮ፡ ተኸሰሲት ወረ/ሃ/ ሄሪት ንግስቲ ሃብተሚካኤል 1.ኣስቴር ማርዮ 2.ፓውሎ ማርዮ 3.ሰልቫና ማርዮ 4.ሮማና ማርዮ ክሲ. ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

ከሳሲት ወ/ሮ ሉተኪዳን ገብረማርያም፡ ተኸሳሲት ፍ/ር ፊደ ፋብሪሶ ፍራንቸስኮ ወረሲ. ወዲ ፍራንቸስኮ ፊዶ ፋብሪሶ፡ ናይ ገዛ ምልቃቕ ክሲ. ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ጉዕሽ ገብሩ፡ በዓልቤተይ ትኳቦ ተስፋሁንኝ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኤደን ገብረገርግሽ ወ/ሚኑቀርሴ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሉችያ ኣስገዶም ገ/መድህን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ማኪና ክሲ. ተመስሪቱልኪ. ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ. ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

ወ/ሮ ይሕደጋ ተስፋይ ገ/ሚካኤል፡ በዓል-ቤተይ ሰለሙን ገብረየሃንስ ካሕሳይ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ኣቶ ፍጹም ክፍሎም፡ ኣቦይ ክፍሎም ገብረሂወት ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጉዕሽ ስብሃቱ ሃይለስላሴ፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ዳኒኤል መሓሪ በዓልቲ-ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ. ኣቕሪባትልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲ. ኣቶ ዘኮርያስ ዑቕባጋብር ናይዝጊ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ንግስቲ ገብረየሱስሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልኪ. ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ. ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጢ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ መኣዛ ኣፈወርቂ መሓሪ፡ ኣቦና ኣፈወርቂ መሓሪ ተማኑን ኣዴና ዘውዲ ተስፋማርያም ገብረመድህንን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ጥራይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ገብረእየሱስ ሰለሙ፡ ኣደይ ሮማ ገብረመድህን ዘርኣይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መርሓኖ

ሉቱ ደብረጺዮን ተስፋልደት፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃም ዘና ገብረኤል ስለዝተሰወአ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወልኣብ ወልደየውሃንስ፡ ኣዴና ቀደስ ሃብተጺዮን ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርድ ዞባ ደቡብ ድባርዋ

ትሕቲ ዕደመ ዳዮሞን ሞገስ ትኳቦ ምግሌ ተሪፉ፡ ሳሙኤል ሞገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ መንደፈራ

ኣቶ ኣስራት ኣስፍሃን ወ/ሮ ኤልሳ ሰኣለን፡ ስም ትሕቲ ዕድመ ወድና ንብለል ኣስራት ኣስፍሃ ምግሌ ተሪፉ፡ ጠዓመ ኣስራት ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሙሉብርሃን ኣስራት ኣስፍሃ ምግሌ ተሪፉ፡ የናስ ኣስራት ኣስፍሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ኳላ

ትሕቲ ዕድመ ሙሉብርሃን ተስፋይ ወልደትንሳኤ ምግሌ ተሪፉ፡ መርሃይ ተስፋይ ወልደትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

መድሄ ገዕሽ ኣለሙ ምግሌ ተሪፉ፡ ቁዱስ ገዕሽ ኣለሙ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ንግስቲ ወልዱ ዑቕባዝጊ ምግሌ ተሪፉ፡ ንግስቲ ተወልደ ዑቕባዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

በረኸት ምሕረቱ ዑቕባሚካኤል ምግሌ ተሪፉ፡ ተስፋይ ምሕረቱ ዑቕባሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣሚሩ በሽር ሰዒድ ምግሌ ተሪፉ፡ ኣሚና በሽር ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ የስኣብ የናስ ሃይለ ምግሌ ተሪፉ፡ ናኦድ የናስ ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/7/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ትሕቲ ዕድመ ሳዑዳ ዓሊ. ጣሄር ምግሌ ተሪፉ፡ ሄንዱን ዓሊ. ጣሄር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ደሃብ ነጋሲ. ገብረየውሃንስ፡ በዓል-ቤተይ ክፍለማርያም በየነ ወልደሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 8 ደቁ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለና የሴፍ መሓሪ፡ ደርጋኣለም ተኽለኣብ ኣብርሃም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ገብራይ ሃይለማርያም፡ ተኸሳሲ. ኣቶ ኪዳነ ሃይለ ተኽለ ኣልፋ፡ ናይ ሓዳር ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ዓዲ ቐይሕ

ተወልደብርሃን ኪዳነ ኣብርሃ ምግሌ ተሪፉ፡ ተወልደ ኪዳነ ኣብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ መሓሪት ተወልደ መንገሻ፡ በዓል-ቤተይ መም. ኣሚረ ጋይም ተከአ ስለዝዋረረ፡ ኣነ ጥራይ ወረሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዞባ ደቡብ ሰንዓፈ

ክፍሎም ገብረሂወት፡ በዓልቲ ቤተይ ወ/ሮ ሓዳስ ካሕሳይ ግደይ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ኣብ ዝነቀቐሉ ይኹን ዘይንቀቐሉ ንብረት ወረስቲ ምዃነና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ሚካኤል ጻዕዱ፡ በዓልቤተይ መም. ተኽለ ተስፋጋብር በየነ ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣምለሰት ገብረጻድቕ ወልዱ፡ በዓል-ቤተይ ተስፋኣለም እምባዬ ኣድሓኖም ስለዝዋረረ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞ/ሰ/ቀ/ባሕሪ ባጽዕ

ከሳሲ. መሳ ኣደም ዑሶማን፡ ተኸሰስቲ 1.ዓሊ. ሳልሕ ዓሊ. 2.ዑሶማን ሳልሕ ዓሊ. ናይ ካሕሳ ገንዘብ ክሲ. ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጡ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ሳምራዊት ሃይለ ስዩም፡ ኣደይ ሳባ ትኳቦ ገብረክርስቶስ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ጥራይ ወረሲታ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ቤት-ፍርዲ ዞባ ጋሽ ኮማዊ ቤት ፍርዲ ባረንቱ

ኣቶ በሻ ዓብደላ ኣደም፡ በዓልቲ ቤተይ ትኩሪ ዓብደላ ኣማኑኤል ስለዝዋረረት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወረሲ. ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብርሃም ገብረየውሃንስ፡ ወደይ ኣማኒኤል ሙሳ ኣሕመድ ስለዝዋረረ፡ 3 ደቁ ጥራይ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 15/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ደንበ ክሳድ ዞባ ጋሽ ባርካ

ኣዜብ ወረደ ገብረማርያም፡ በዓል ቤተይ ኣቶ ገብረማርያም ወረደ ገብረኣምላኽ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምድቲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/7/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምልክታ ንደለይቲ ስራሕ

ገመል ህዝባዊ መጉዓዝያ ብርኪ. ማሕበር፡ ዝ. ኣብ ታሕቲ ዘሎ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ስራሕተኛታት ኣውዲዩ ክቖጽር ስለ ዝደለየ፡ ግዱሳት ኣመልከትቲ ንዕደም።

1. መደብ ስራሕ ———— ዕድጊ (purchaser)
2. ደረጃ ትምህርቲ ————12 ክፍሊ. ዝወደአ
3. ተሞክሮ ስራሕ ———— ልዕሊ. ሰለስተ (03) ዓመት
4. ብዝሒ. ———— 01 (ሓደ)
5. ደሞዝ ———— ብስምምዕ
6. ጾታ———— ኣይፈልን
7. ቦታ ስራሕ———— ራዳር ገመል ህዝባዊ መጉዓዝያ

መተሓሳሰቢ፦ ኣመልከትቲ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝፈጸሙ ወይ ዘይምልከቶም ምዃኑ መረጋገጺ. የቕርቡ። ተወዳደርቲ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ. 4 መዓልታት፡ ኣብ ናይ ስራሕ መዓልታት፡ ኣድላይ ሰነዳት (C.V) ሒዝኩም ኣብ ቤት ጽሕፈት ገመል ህዝባዊ መጉዓዝያ ብርኪ. ማሕበር ራዳር ጥቓ ቤት ትምህርቲ 2ይ ደረጃ ሓፈሻዊ ከተመልክቱ ንሕብር።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ኣስመራ ማራቶን ክካየድ እዩ

ኤርትራ እተኣንግዶ ዓመታዊ ውድድር "ኣስመራ ማራቶን"፡ ዝመጽእ ሰንበት 11 ሰነ ከም ዝካየድ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ሓቢሩ። ኣምባሳደር ዘመደ፡ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቀትሪ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኮምሽን ባህልን ስፖርት ኤርትራ ኣብ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ ኣብ'ዚ 10 ኪሎሜተር ዝሸፍን ናይ ደቂኣንስትዮ ውድድር እውን ዘጠቓልል መደብ፡ ካብ'ቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ብዘተፈለየ፡ ኤርትራ ሓዊሱ ካብ ሸዱሽተ ሃገራት ዝተዋጽኡ ኣትሌታት ከም ዝሳተፍዎ ገሊጹ። ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ ናይ ሰንከላን ውድድርን ሓፋሽ ዝሳተፎ ሓብራዊ ጉያን ከም ዝህሉ'ውን ኣፍሊጡ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ መወዳእታ፡ እዚ ኣብ መጻኢ ካብ ሃገራዊ ናብ ኣህጉራዊ ውድድር ንኸሰጋገር ዝሰራሓሉ ዘሎ ውድድር፡ ብዝሓየለ መልክዑ ንምስልሳል ንኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ኩሉ ምድላዋት ከም እተዛዘመ ኣረጋገጹ።

ካብ ኢትዮጵያ፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳን ታንዛንያን ደቡብ ሱዳንን ዝመጽኡ ኣትሌታት፡ ዓርቢ 9 ሰነ ኣስመራ ከም ዝኣትዉ ዝሓበረ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቶ ኤፍሬም ተኸስተ ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ ውድድር ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻዱሻይ ንዝወጹ ኣትሌታት ዝወሃብ ኣስታት 15 ሽሕ ዶላር ገንዘባዊ ሽልማት ከም ዘሎን፡ ኩሎም ኤርትራውያን ኦሎምፒካውያን ኣትሌታት ከም ዝሳተፉን ገሊጹ።



እዚ ውድድር፡ ኣፍቀርቲ ስፖርት ብዝነብሮ ንኽከታተልዎ ኣብ ጸቢብ ቦታ ከም ዝካየድ ዝጠቐሰ ኣቶ ኤፍሬም፡ ካብ ሜዳ ባሕቲ መስከረም ተበጊሱ፥ ከተማ ኣስመራ ብዘትልልየሉ ታሪኻዊ ህንጻታት ከም ዝሓልፍ ኣሚሩ። ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ኣቶ ታደሰ ገብሩ ከኣ፡ ኣብ'ቲ ሰዓት 7፡00 ንግሆ ዝፍለም ሓብራዊ ጉያ፡ ሰበሰልጣን መንግስቲ፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ተመሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ነበርትን ዝርከብዎም ኣስታት 10 ሽሕ ሰባት ክሳተፉ ትጽቢት ከም ዝግበር ኣፍሊጡ። እዚ ሓብራዊ ጉያ ንኹሉ ክፉት ምዃኑ ካብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

## ሻምፕዮን ኲዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል መጋረጃኡ ቀንጢጡ



ሻምፕዮን ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ ቀዳም 3 ሰነ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ስፖርት፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ብርክት ዝበሉ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ብወዕወዕ ስፖርታዊ መንፈስ ከም ዝተኸፍተ ህዝባዊ ርክብት ፌደረሽን ኲዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ። ኣብ'ዚ ዕለት ልዑል ግምት ዝተዋህቦ ግጥም ኣብ መንጎ ክለባት ደንደንን ኢንሹራንስን ተኻይዱ ነይሩ። እዘን ጋንታታት ዝሓለፈ ሰሙን ዋንጫ ናጽነት ንምዕታር ኣብ ፍጻመ ከም ዝተራኸባ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኢንሹራንስ ከኣ ዕውትቲ ምንባራ ኣይርሳዕን። ኾ እዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ ከይተረስዐ ከሎ እያን ከኣ እዘን ክልቲአን ጋንታታት ኣብ መኽፈቲ ሻምፕዮን ዝራኸባ ዘለዋ። ኣብ'ዚ ናይ ቀዳም ግጥም ኢንሹራንስ እያ ቀዲማ ኣብ መበል 23 ደቒቕ ብመንገዲ ሄርሜላ ቴድሮስ ብዘመዝገበታ ሸቶ መሪሕነት ሒዛ። ይኹን'ምበር፡ መሪሕነት ኢንሹራንስ ንኣርባዕተ ደቓይቕ ጥራይ'ዩ ቀጺሉ። ደንደን ኣብ መበል 27 ደቒቕ ካብ ምስጋና መሓሪ ኣብ መበል 29 ደቒቕ ከኣ ካብ ፍቓዱ ገደሙ ክልተ ሸቶታት ስለ ዘመዝገበት፡ ንዕረፍቲ ብመሪሕነት ደንደን 2-ብ1 እያን ወጺኣን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ክልቲአን ጋንታታት መሳጢ ምንቅስቓስ እየን ኣርእየን። ተጻወትቲ ኢንሹራንስ ኣብ መበል 69 ደቒቕ ካብ ፍትሓዊት ተወልደ ማዕረ ትገብረን ሸቶ ረኺበንኳ እንተነበራ፥ ሕጂ'ውን ደንደን ኣብ መበል 74 ደቒቕ ብመንገዲ ሄርሞን እዮብ ሸቶ ስለ ዝረኸበት ክረጋግኦ ኣይከኣላን። ጸወታ ብዓወት ደንደን 3-ብ2 ተዛዚሙ ኣብ ዝበዘለሉ ዝበረ እዋን ግን ሳራኦን ጎይትኦም ንኢንሹራንስ ነጥቢ ተማቕላ ኣጉዳሲት ሸቶ ብምምዝጋባ እቲ ግጥም 3-ብ3 ተወዲኡ። ኣብ'ዚ ግጥም ተጻዋቲት ኢንሹራንስ ሊያ ኤልያስ እያ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸሊማ።

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዘን ግጥማተን ካብ ዘካየዳ ጎዳይፍ ንብርኽ ብበሪሕ 5-ብ0 ክትረትዓ ከሎ፡ ኩጦንያ ሰገን ከኣ ንሰምበል 4-ብ0 ከም ዘፋነወታ ተፈሊጡ ኣሎ። ኢልሃም ዓብደልቓድር (5) ሩት ሃይለ (2) ንጎዳይፍ ናብ ዓወት ዘብጽሓ ሸቶታት ዘመዝገባ ክኾና ከለዋ፡ ኣብ ግጥም ኩጦንያ ሰገንን ሰምበልን ከኣ ፍዮና ገርግሽ ሃትሪክ ክትሰርሕ ከሎ፡ ቤትልሄል ዘርኦያስ ከኣ ሓንቲ ሸቶ ኣመዝጊባ ነይራ። ብመሰረት እቲ ዝበጽሓና ሓበሬታ፡ ናይ ጎዳይፍ ኢልሃም ዓብደልቃድርን ናይ ኩጦንያ ሰገን ሰሊት ሃብተጋብርን ሽልማት ብልጽቲ ተጻዋቲት ወሲደን ኣለዋ።

## ውድድር ማውንቴን ባይክ ጀሚሩ

ብምኽንያት 20 ሰነ መዓልቲ ሰማእታት፡ ብቐዳም 3 ሰነ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ኣብ ጸጸራት ከባቢ መቓብር ሓርበኛታት ናይ ቀዳማይ መድረኽ ውድድሮም ከም ዘሰላሰሉ ካብ ቤት ጽሕፈት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክሌታ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

በዚ መሰረት 30.6 ከሎሜተር ንምሽፋን 75 ተቐዳደምቲ ኣብ መስርዕ ካብ ዝተረኽቡ ተቐዳደምቲ ክሊ ዕድመ 12-14 ሻሎም ኣለም (ትጽቢት)፡ ሴም ሃይለ (ሳሊና)፡ ናኤብ ሳሚኤል ካብ (ገዛባንዳ)፡ተመሳሳሊ ኣስመሮም ካብ (ትጽቢት)፡ ሻም ኣማኑን ሴም ኣማኑኤልን ክልቲኦም ካብ (ሳሊና)፡ ኣሌክሳንደር ግርማይ (ትጽቢት)፡ ኬብሮን ቢንያም (ጎዳይፍ)፡ ሮቤል ዳንኤል (ገዛባንዳ)፡ ባህራን ወረደ (ገጀረት) ክሳብ ዓስራይ ተዓዊቶም ኣለው። ሻም ኣማን ካብ ጋንታ ሳሊና ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።

ቀጺሎም ውድድሮም ካብ ዘካየዱ ክሊ ዕድመ 15-16 ድማ፡ ኣማናዳብ ወልደየውሃንስ (ትጽቢት)፡ የናታን ተስፋት (ሳሊና)፡ ሰናይ ተኸስተን ዳይሞን ሰለሙንን ክልቲኦም ካብ (ትጽቢት)፡ ናትናኤል ተስፋስላሴ (ናጽነት)፡ ሰናይ የውሃንስ (ጽንዓት)፡ ኣቢዳራ ሚካኤል (4ተ ኣስመራ)፡ መርሃዊ መሓሪ ካብ (ጎዳይፍ)፡ ኤቨን ክፍላይ ካብ (ሳሊና)፡ ምናሴ ሰለሙን ካብ (ትጽቢት) ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓስራይ ናይ መድረኽ ዓወት ኣመዝጊቦም። ያረድ ካሕሱ (ጽንዓት) ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ መዓልቲ ብምዃን ተሸሊሙ።

45 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈና 36 ተካእቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳደምቲ ሰዶና ሃብተም (ሰራይርሳዋ) ቀዳመይቲ ኮይና ክትዕወት ከላ፡ ራሄል ዑቕባይን ኣርሴማ ዓንደጼንን ክልቲአን ካብ (ሳሊና)፡ ቤትኤል ክፍላይን ኢልዳና ተኽለማርያምን ክልቲአን (ጽንዓት)፡ ቤትኤል ተስፋይን ባትሴባ ፍስሃዬን ክልቲአን ካብ (ሰራይር ሳዋ) ራሄዋ ተኽለሃይማኖት (ሳሊና) ሰልቫና ወልደሚካኤል (ሰራይር ሳዋ) ጸዮን የማን (ውልቂ) ካብ 2ይቲ ክሳብ 10ይቲ ኮይነን ውድድረ ፈጺመን። ራሄል ዑቕባይ ካብ (ሳሊና) ከኣ ብልጽቲ ተቐዳዳሚት ብምዃን መዳልያ ተሸሊማ።

ዓብይቲ ማውንቴን ባይክ ክሊ ዕድመ 17ን ልዕሊኡን 136 ተቐዳደምቲ'የም 57.6 ኪሎሜተር ንምሽፋን ኣብ መስርዕ ተረኺቦም። ኣብ ዘካየድዎ ሓያል ውድድር ድማ ተቐዳደምቲ የባድ ኤፍሬም (ጎዳይፍ)፡ ናታን ሃብትኣብ (ኣኽርያ)፡ መርሃዊ ግርማይ (ሳሊና)፡ መድሃኔ ዘርኢት (ትጽቢት)፡ ናይብ ሙሴ (ጎዳይፍ)፡ ኢሰሮም ያቆብ (ኣኽርያ)፡ ዳንኤል ሚካኤል (ናትና)፡ ሚልክያስ የውሃስ (ጽንዓት)፡ኣዶናይ ኣማንኤል (ትጽቢት)፡ የማን ጠዓመ (ውልቂ) ካብ ቀዳማይ ክሳብ ዓስራይ ተመራሪሖም ተዓዊቶም። ራኢ ተስፋጋብር ካብ ጋንታ (ጽንዓት) ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይቲ ዕለት ኮይኑ ተሸሊሙ።

ኣብ መወዳእታ ውድድሮም ዘካየዱ 'ዩዝ' ተቐዳደምቲ ዱትርሶ ኸኣ ኣቲ ብ15 ግንቦት 2023 ኣብ መስመር ኣስመራ ባጽዕ ኣብ ልምምድ ከሎ ብሓደጋ ማኪና ብሞት ዝተፈለየ ተቐዳዳማይ ጋንታ ናትና ናህ ኤፍሬም ደቂ ጋንትኡ፥ መጻወትቱ፡



ሰድራቤቱን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ናይ ሕልና ጸሎት ድሕሪ ምግባር፡ ተቐዳደምቲ ብስድራቤት ናህ ኤፍሬም ተመሪቖም እዮም ውድድሮም ጀሚሮም።

ኣብ'ቲ ዘካየድዎ መሳጢ ውድድር ድማ ተቐዳዳማይ ኬቨን ተኽለማርያም (ኤሪተል) ንኣቤል ኣኽሊሉ ናይ (ንሰሪ) ኣኸቲሉ ንመወዳድርቱ ብዋሕ ፈልዩ 1ይ ኮይኑ ክዕወት ከሎ፡ ናህም ኤፍሬምን ናዝራዊ ዳዊትን ክልቲኦም ካብ (ኤሪተል)፡ ሳዶር ኢሰይያስ (ውልቂ)፡ ዳንኤል መሓሪ (ንሰሪ)፡ ማቲዎስ በርህ (ኤሪተል)፡ ናትናኤል ተሸመ (ጽንዓት)፡ መሓሪ ኣኽሊሉ (ጎዳይፍ)፡ ያዲኤል ኤፍሬም (ውልቂ) ተመራሪሖም ክሳብ ዓስራይ ተዓዊቶም። ኬቨን ተኽለማርያም ናይ (ኤሪተል) ከኣ ብሉጽ ተጻዋታይ ናይታ ዕለት ብምዃን መዳልያ ተሸሊሙ።

## ስፖርታዊ ቅነ 'እዚ ምዕራብ' ተዛዚሙ

ኣብ መንጎ ኣሃዱታት ሓይልታት ምክልኻል 'እዚ ምዕራብ' ክካየድ ዝቐጸ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት፡ ብ3 ሰነ ኣብ ዓዲ-ማእለል ኣብ ዝተኻየደ ጽንበል ብወዕወዕ መንፈስ ተዛዚሙ። ኣብ'ቲ ንኽልተ ኣዋርሕ ዝቐጸለን ብምድባት ተኸፋፊሉ ኣብ ባረንቱ፡ ዓዲ-ማእለልን ሸሸቢትን ክካየድ ዝቐጸን ውድድራት፡ 14 ጋንታታት ስፖርትን ባህልን ከም ዝተሳተፉ ወኪል ኤሪና ካብቲ ቦታ ሓቢሩ።

ስፖርታዊ ውድድራት፡ ኲዕሶ እግሪ፡ ኲዕሶ መርበብ፡ ኣትሌቲክስን ጨሙተ ተኸሽሽ፣ ባህላዊ ንጥፈታት ድማ ውድድራት መዚቃ፡ ድራማን ደርፍን ዝሓቘፈ ምንባሩ፥ ሰታፍ ኀበሬታን ሓበሬታን 'እዚ ምዕራብ' ተለንተ ዳንኤል የሴፍ ሓቢሩ።

ሓለቓ ስታፍ 'እዚ ምዕራብ' ብሪጋደር ጀነራል ጸሃየ መኮንን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሓይልታት ምክልኻል ንኹሉ ብደሆታት ብብቕዓት መኪቱ ኣብ መደባት ልምዓት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ስፖርታውን ባህላውን ውድድራት ክጽመድ ምብቃዑ ዘሐጎሰን ንናይ መጻኢ ራህዋ ዘኣንፍትን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እቲ መደብ - ኣካላውን ሞራላውን ብቕዓት ሰራዊት ንምሕያልን ብሃገር ደረጃ ዕዉታት ስፖርታውያን ንምልላይን ዝሕግዝ ኣጉዲሲ ንጥፈት ከም ዝኾነ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ብኲዕሶ እግርን ኲዕሶ መርበብን ካብ ደቂተባዕትዮ ጋንታ ሂላል - ክፍለ ሰራዊት 46፣ ካብ ደቂኣንስትዮ ብኲዕሶ እግሪ ጋንታ ሰሮና - ክፍለ ሰራዊት 33፣ ብኲዕሶ መርበብ ጋንታ ፈንቅል - ክፍለ ሰራዊት 48፣ ብጨሙተ ተኸሽሺ ጋንታ ዋልታ - ክፍለ ሰራዊት 5-24፣ ብኣትሌቲክስ ድማ ጋንታ ሰሮና ናይ ክፍለ ሰራዊት 33 ኀቦልል ብምዃን ተሸሊመን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ "ስፖርት ኣካል ፖለቲካን ታዕሊምን" ኣብ ትሕቲ ዝብል ጭርሖ ብ4 ሚያዝያ ኣብ መትከል ኣቤት ዝፈለመ ስፖርታዊ ውድድራት 'እዚ ተወርዋሪ' ዝሓለፈ ቀዳምን ሰንበትን ናይ ኣትሌቲክስ ውድድራቱ ከም ዝዛዘመ ኀበሬታን ሓበሬታን ናይቲ እዚ ኣፍሊጡ።

ብመሰረት እቲ ዝተኻየደ ውድድራት፣ ኣብ ዲስኮስ ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጋንታ ኣልጌን ቅሳነት በኒያም ክትዕወት ከሎ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ናይ ሓሬና - ካሕሳይ ልጅኣለም ዕዉት ኮይኑ ኣሎ። ኣብ ውድድር ዓረር ደቂ ኣንስትዮ ቅሳነት ተ/ብርሃን ናይ ሓሬና፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ከኣ ካሕሳይ ልጅኣለም ናይ ሓሬና ጸብለል ኢሎም ኣለው።

ኣብ ናይ 400 ሜትሮ ጉያ፡ ወይኒ ገ/መስቀል ካብ ኣልጌን ተሸላሚት ወርቂ መዳልያ ክትከውን ከላ፡ ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ናይ ዛራ ሰለሙን መሃንሽ ዕዉት ከም ዝኾነ ተፈሊጡ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ 100 ሜትሮ ደቂ ኣንስትዮ ቅሳነት ጺጋይ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኣብርሃም ነጋሲ፡ ኣብ 200 ሜተር ደቂ ኣንስትዮ ቅሳነት ጺጋይ፡ ኣብ 5 ሽሕ ሜተር ደቂ ኣንስትዮ ዶልሺ ተስፉ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ኸኣ በረኸት ዑቕባጽዮን ዕዉታት ምዃናም ተፈሊጡ ኣሎ።



# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ብራዚል፡ ኣብ 2030 ብርስት ኣግራብ ክትቈጻጸር መዲባ

ፕረዚደንት ብራዚል ሉላ ዳ ሲልቫ፡ ሃገሩ ኑቲ እናበኣሰ ክኸይድ ዝጀንሐ ምብራስ ኣግራብ ክሳብ 2030 ምሉእ ብምሉእ ክተወግዶ መደብ ከምዝለዋ ኣፍሊጡ።

ምምሕዳር ፕረዚደንት ሉላ፡ ኣብ ጫካታት ኣማዞን ዝሎ ተርእዮ ምብራስ ኣግራብ ንምግታእ ኣበርቲዑ ይሰርሕ ከምዝሎን ኣብ ውሽጢ 7 ዓመታት ድማ ምሉእ ብምሉእ ንምቁጽጻሩ መደባት ሓንጺጹ ምህላዉን የረጋግጽ።

ሚኒስትሪ ኣከባቢ ብራዚል ብወገኑ ኑቲ ምብራስ ኣግራብ ናይ ምክልኻል ዕማም ንምስላጥ ዘገልግል ውጥን ትግባረ ሓንጺጹ ከምዝሎ እዩ ዝሕብር።

ኣግራብ ንኸይበርስ ምክልኻል፡ ካብቲ ኣብ ዓለም ዝኸሰት ዘሎ ጸገማት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት ዘገልግል ቀንዲ ስጉምቲታት ሓደ ምዃኑ ክኢላታት የስምሩሉ።

ዝሓለፉ ምምሕዳራት ብራዚል፡ ምዝመዛ ጺጋታት ዘተባብዕን ንውሑዳን ዓብለልቲ ዘርብሕን ፖሊሲ ይኽተሉ ምንባሮም ዝወቕስ ፕረዚደንት ሉላ፡ ኣብ ምምሕዳሩ ዝሰራርሓ ክኽልሶ ምዃኑ ገሊጹ። “እተን ዝዘመናት ዝኣክል ጫካታት ከብርሳ ዝጀንሓ ሃብታማት ሃገራት'ውን ጸገማት ክሊማዊ ለውጢ ንምምካት ዓቢ ክሰርሓ ይግባእ” ድማ ኢሉ።



ብመሰረት ብራዚል ኣወጺኣቶ ዘሎ ፖሊሲ ጸረ-ምብራስ ኣግራብ፡ ጫካታት ኣማዞን ካብ ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ምቍራጽ ኣግራብ ንምክልኻል ብሰኣሊ ሳተላይት ዝተሰነየ ምክትታል ክግበርን ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣግራብ ዝቖረጹ ሰባት ድማ ተረር ስጉምቲ ክወሰድን እዩ። ብዘይካ'ዚ ንኣከባቢ ዘርብሕ ንጥፈታት ሕርሻ ንዘካይዱ ሓረስቶት ድማ መንግስቲ ብራዚል ድጎማ ክገብር ምዃኑ'ዩ እቲ ውጥን ትግባረ ዘመልክት።

ኣብ ብራዚል፡ ካብ 2019 ክሳብ 2022 ስልጣን ሒዙ ዝነበረ ምምሕዳር ቦልሶናሮ፡ ቁጠባ ሃገር ንምዕባይ ብዝብል ምኽንያት ኩባንያታት ብፍኑው ክንቀሳቐሳ ድሕሪ ምፍቃዱ፡ ኣብ ጫካታት ኣማዞን ልዑል መጠን ብርስት ኣግራብ ከምእተመዝገበ ይጥቀስ።

## እስራኤል፡ ንመደብ ምምዕባል ኑክሌሳዊ ጸዓት ስዑዲ-ዓረብ ትቃወም

ሚኒስተር ጸዓት እስራኤል - እስራኤል ካትዙ ንተኽእሎ ምምዕባል ሲቪላዊ ኑክሌሳዊ ፕሮግራም ስዑዲ-ዓረብ ብትሪ ከምዝቃወሞ ኣፍሊጡ።

እቲ ብዓልስልጣን ዝሓለፈ ሰሉይ ምስ ሓንቲ ‘ይትኑቲቪ’ ዝተባህለት ፊነወ ቴለቪዥን'ታ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ቃለምሕትት፡ ዝምድና እስራኤልን ስዑዲ-ዓረብን ናብ ንቡር ንምምላስ ተባሂሉ፡ ስዑዲያ ንሰላማዊ መዓላ ዘገልግል ኑክሌሳዊ ፕሮግራም ክተጥዕስ እተቐርቦ ኩነት ብወገን እስራኤል ተቐባልነት ክህሉዎ ከምዘይክእል ኣረዲኡ።

ንሱ ነዚ ዝገለጸ ዘሎ፡ ጋዜጣ ‘ዘ ኒዮርክ ታይምስ’ ዝሓለፈ መጋቢት ኣብ ዝዘርግሓቶ ሓበሬታ፡ ስዑዲ-ዓረብ ምስ እስራኤል ዝምድናኣ ከተመሓይሽ እንተድኣ ኰይና፡ ንቕድሚ ንሰላማዊ መዓላ ዘገልግል ናይ ጕዕዞኣ ኑክሌሳዊ ፕሮግራም ከተማዕብል ክፍቀዳ ከም ኣጀንዳ ሒዛቶ ከምዝላ ገሊጻ ነይራ።



እንተኾነ፡ ሰበስልጣን መንግስቲ ስዑዲያ ይኹኑ ኣመሪካ ኑቲ ቤታ ጋዜጣ ዝዘርግሐ ሓበሬታ ዝኾነ ርእይቶ ስለዘይሃብሉ፡ ሓቅነቱ ገና ክረጋገጽ ኣይከኣለን ዘሎ።

እስራኤል፡ ካብ ነዊሕ እዋን ኣትሒዛ ኑክሌሳዊ መደባት ከማዕብላ ንዝፍትና ከም ዒራቕ፡ ሶርያን ሊብያን ዝኣመሰላ ካልኦት ሃገራት እቲ ዞባ'ውን ክትጻብኦን ጸኒሓ እያ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ድማ፡ እቲ ኣራን እተማዕብሎ ዘላ - ንሰላማዊ መዓላ ዘገልግል ምዃኑ እትገልጾ ኑክሌሳዊ መደባት ከቢድ ስግኣት ፊጢሩላ ከምዘሎ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብሸምግልና ኣመሪካ ተሓጊዛ ምስ ሓያለ ሃገራት ዓረብ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድናኣ ኣመሓይሻ ዘላ እስራኤል፡ ምስ ስዑዲያ እውን ዝምድናኣ ናብ ንቡር ክትመልስ ልዑል ህንጡይነት ከምዘለዋ'ዩ ዝንገረላ።

ጸሓፊ ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣንቶኒ ብሊንከን ብሰሉይ ንሮይተርስ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣመሪካ፡ ካብቲ እስራኤልን ስዑዲያን ዝምስርታኦ ዲፕሎማሲያዊ ዝምድና፡ ንሃገራዊ ድሕነታ ዘገልግል ግሁድ ረብሓታት ከምዘህሉዋ ድሕሪ ምጥቃስ፡ ዋሺንግተን ንኽልተአን ሃገራት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ንምትዕራቕ ኣበርቲዓ ትሰርሕ ከምዘላ ገሊጹ ነይሩ።

## ኢራን፡ ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ኤምባሲ ዳግማይ ከፊታ


ንብዙሕ ዓመታት ዝኣክል ምስ ስዑዲ-ዓረብ ዲፕሎማሲያዊ ርክብ በቲኻ ዝጸንሐት ኢራን፡ ኣብ ከተማ ሪያድ ኤምባሲኣ ዳግማይ ከምዝኸፈተቶ ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ናስር ካናኒ ብሰሉይ ኣብ ዝሃቦ ሓጺር መግለጺ፡ ሃገሩ ኑቲ ኣብ ሪያድ ንሸውዓተ ዓመት ተዓጽዩ ዝጸንሐ ኤምባሲኣ ሰሉስ 6 ግንቦት 2023 ዳግማይ ክትከፍቶ ምዃና ሓቢሩ ነይሩ።

ኢራን ብዘይካ'ዚ፡ ሎሚ ረቡዕ'ውን ኑቲ ኣብ ከተማ ጅዳ ተዓጽዩ ዝርከብ ቆንስላ ዳግማይ ክትከፍቶ ምዃና፡ እቲ ብዓልስልጣን ኣብ መግለጺኡ ሓቢሩ ነይሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ኑቲ ኤምባሲን ቆንስልን ብወግዒ ንምኽፋት ኣብ ዝግበር ስነስርዓት፡ ሚኒስተራት ጉዳያት ወጻኢ ክልተአን ሃገራት ኣብቲ ቦታ ክርከቡ ምዃኖም ኣረዲኡ ነይሩ።

ኢራንንስዑዲ-ዓረብንኣብዝሓለፈ መጋቢት ብመንጎኝነት ቻይና ድሕሪ ምትዕራቐን፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ኤምባሲታተን ዳግማይ ክኸፍታ ተሰማሚዐን ከም ዝነበራ ኣይርሳዕን።



እንተኾነ፡ ስዑዲ-ዓረብ ኑቲ ኣብ ከተማ ጤህራን ተዓጽዩ ዝርከብ ኤምባሲኣ መዓስ ከምእትኸፍቶ ኣየፍለጠትን ዘላ።

ክልተአን ጎረባበቲ ሃገራት ዝምድናአን ናብ ንቡር ንምምላስ ዝወሰዳኦ ዘለዋ ስጉምትታት፡ ኣብቲ ህውከትን ስግኣታትን ዘይፈልዮ ዞባ ዘተኣማምን ርግኣት ኣብ ምንጋስ ዓቢ ተራ ክህሉዎ ምዃኑ ተንተንቲ ፖለቲካ የረድኡ።

ስዑዲ-ዓረብ፡ ምስ'ቶም ብኢራን ዝድገፉ የመናውያን ዕጡቓት ሑቲ እተካይዶ ዘላ ዝርርብ ሰላም፡ ሓደ ኣብነት ናይዚ ምዃኑ ድማ፡ እቶም ተንተንቲ ፖለቲካ ወሲኾም የመልክቱ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኢራን ንፈለማ እዋን ብውሽጣዊ ዓቕማ ዘማዕበለቶ ልዕሊ ድምጺ ፍጥነት ዘለዎ ባለስቲካዊ ሚሳይል ከምዝርኣየት ተገሊጹ።

እቲ ‘ፋታሕ’ ዝተሰምየ ተመራሒ ሚሳይል፡ ካብ ፍጥነት ድምጺ ብ15 ዕጽፊ ዝቕልጥፍ ኮይኑ፡ ክሳብ 1,400 ኪሎሜተር ርሒቑ ንዝርከብ ዒላማ ብልክዕ ክወቕዕ ዝኽእል ዓቕሚ ከምዘለዎ'የን መንግስታውያን ማዕከናት ዜና'ታ ሃገር ዝሕብራ።

## ኣመሪካ - ምክትል ፕረዚደንት-ነበር ኣብ ምርጫ ክወዳደር ወሲኑ

ምክትል ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ዝነበረ ማይክ ፐንስ፡ ኣብቲ ኣብ ሕዳር 2024 ዝካየድ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ ንምውድዳር፡ ናይ ‘ምረጹኒ’ ጎስጓስ ክካየድ ምዃኑ ብወግዒ ኣፍሊጡ።



እቲ ላዕለዋይ ብዓል-ስልጣን ነበር፡ ንሰልፊ ሪፓብሊካውያን ወኪሉ እዩ ኣብቲ ምርጫ ንምውድዳር ጎስጓስ ክካየድ ወሲኑ ዘሎ።

እዚ ማለት ድማ፡ ኣብቲ ዝካየድ ናይ ምረጹኒ ገጠጓሱ፡ ኣንጻር'ቲ ኣብቲ ምርጫ ክዕወት ብብዙሓት ወገናት ትስፉ ተነብርሉ ዘሎ ዶናልድ ትራምፕ ክጠማጠም እዩ።

ወዲ 63 ዓመት ማይክ ፐንስ፡ ኑቲ ናይ ምረጹኒ ፖለቲካዊ ጎስጓሱ ሎሚ ረቡዕ ኣብ ክፍለሃገር ኣየዋ ክጀምሮ ትጽቢት ከምዝሎ'ዩ ዝገለጸ።

እዚ ኣቐዲሙ ኣመሓዳሪ ክፍለሃገር ኢንዲያና ዝነበረ ዓቃባዊ ፖለቲከኛ፡ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ኣመሪካ 2020 ክቕልበስ ብዶናልድ ትራምፕ ንዝቐረበ ጠለብ ድሕሪ ምንጻጉ፡ ኣብ መንጎ ክልተኦም ሰበስልጣን-ነበር ዝነበረ ዝምድና እናላሕልሐ ከምዝመጸ'ዩም ተዓዘብቲ ዘመልክቱ።

ብመሰረት ማዕከናት ዜና ኣመሪካ፡ ንሰልፊ ሪፓብሊካውያን ወኪሎም ኣብቲ ናይ 2024 ፕረዚደንታዊ ምርጫ ንምስታፍ ክወዳደሩ ተመዝጊቦም ዘለዉ ፖለቲከኛታት ኣዝዮም ብዙሓት ብምዃኖም፡ እቲ ጉዳይ ንሓያለ ደገፍቲ ዶናልድ ትራምፕ ከቢድ ሻቕሎት ፈጢሩሎም ይርከብ።

## “ናብ ዩክሬን ዝለኣኻ ነፈርቲ ውግእ ኣመሪካ፡ ኑክሌር ክዓጥቃ ይኽእላ እየን” ሩስያ

ሰራሓት ኣመሪካ ዝኾና ‘F-16’ ዝተሰምያ ዘመናውያን ነፈርቲ ውግእ ናብ ዩክሬን ምስ ዝለኣኻ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ክዓጥቃ ከምዝኽእላ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ሩሲያ ሰርጌ ላቭሮቭ ኣተሓሳሲቡ።

ሰርጌ ላቭሮቭ ዝሓለፈ ሰሉይ ኣብ ታጂኪስታን ኣብ ዝርከብ ‘ዱሻንበ’ ዝተባህለ ወተሃደራዊ መዓስከር ተረኺቡ ኣብ ዘስመዮ መደረ፡ ሃገራት ምዕራብ ነተን ነፈርቲ ናብ ዩክሬን እንተድኣ ልኢኸንኦን እቲ ዝቕጽል ዘሎ ግጭት ዝኸፍአ መልክዕ ክሕዝ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።

“እዘን ናብ ዩክሬን ዝለኣኻ ነፈርቲ ውግእ፡ ኑክሌሳዊ ኣጽዋር ንምዕጣቕ ምምሕያሽ ክግበረለን ይኽእል እዩ” ዝበለ ሰርጌ ላቭሮቭ፡ ምዕራባውያን ነዚ ክግንዘቡ ዘይክእሉ እንተኾይኖም ግን ከም ሓንጻጽቲን ወጠንቲን ወተሃደራዊ ስትራተጂ መጠን ባዶሽ ከምዝኾኑ ገሊጹ።

ዩክሬን፡ እተን ነፈርቲ ውግእ ክለኣኻላ ናብ ሃገራት ምዕራብ ተደጋጋሚ ምሕጽንታ ከተቕርብ'ኳ እንተጸንሐት፡ ብመሰረት ኣማኻሪ ሃገራዊ ድሕነት ኣመሪካ ጃክ ሱሊቫን ግን፡ ዋሺንግተን ሕቶ ዩክሬን ንምቕባል ገና ኣብ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ኣይበጽሐትን ዘላ።

እንተኾነ፡ ፕረዚደንት ጆ ባይደን ዝሓለፈ ወርሒ ኣብ ጃፓን ንዝተኣከቡ መራሕቲ ሃገራት ጉጅለ-7 ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ፓይሎታት ዩክሬን፡ ኤፍ-16 ንምብራር ዘኽእሎም ናይ ስልጠና መደባት ብጥምረት ሃገራት ምዕራብ ክወሃቦም ንዝብል ውጥን ኣመሪካ ከምእትድግፎ ገሊጹ ነይሩ።

ብኻልእ ወገኑ ኣብ ደቡባዊ ዩክሬን ተደኲኑ ዝርከብ ዝዓበየ ዲጋ፡ ትማሊ ሰሉስ ብዘይተፈልጡ ሓይሊታት ተወቒዑ ከምዝፈረሰ ይግለጽ ኣሎ።

ድሕሪ'ቲ ፍጻመ፡ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ዩክሬን ከቢድ ሓደጋ ዕልቕልቕ ተኸሲቱ ከምዝሎ'ውን ማዕከናት ዜና ዓለም የቃልሓ ኣለዋ።

እቲ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽር ሓይሊታት ሩሲያ ዝርከብ ዲጋ፡ ማያዊ ጸዓት ከመንጩን ንሓወሲ-ደሴት ክሪሚያ ጽሩይ ዝስተ ማይ ክቕርብን ዝጀንሐ ኰይኑ፡ ብመን ከምዝተሃርመ ገና ኣይተፈልጠን ዘሎ።



ሩሲያን ዩክሬንን ግን ቡቲ ጉዳይ ንሓድሕደን ይወቓቐሳ ኣለዋ።

ተረኛ ፋርማሲ
ፋርማሲ ተስፋ

ዕለት
7/6/2023

ኀደና
ኀደና ዓሊቴና መረብ 716ቁ.14፡ ቀሓውታ

ቁ.ስልኪ
186839

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565